# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.264 | ሓሙስ 4 ሓምለ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ገስጋሲ ቍጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን





ገጽ 3 ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 4 ቪዛታት 'ቺዩነ ሳጉሃራ'





ገጽ 5 ክረምታዊ ዕረፍቲ ተመሃሮ - ፍልጠት ንምውሳኽ. . . .!





ገጽ 7 ቢኒ ሕጂ'ውን ካልእ ታሪኽ ሰሪሑ




## ማልዲቭስ - ኣምባሳደር ኣለም ወረቐት ስራሑ ንፕረዚደንት መሓመድ ኣረኪቡ



ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ህንዲ ኣቶ ኣለም ጸሃየ፡ ከም ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሪፓብሊክ ማልዲቭስ፡ ብ1 ሓምለ ወረቐት ስራሑ ንፕረዚደንት መሓመድ ምዉይዙ ኣረኪቡ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ኣለም፡ ሰላምታን ሰናይ ምንዮትን ዝሓዘ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፕረዚደንት መሓመድን ህዝቢ ማልዲቭስን ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ ዝምድና ክልቲኦን ሃገራት ንምምዕባል ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ፕረዚደንት መሓመድ ብወገኑ፡ ኤርትራን ማልዲቭስን ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ንምምስራት ኣብ 2021 ውዕል ካብ ዝፍርማ ንደሓር ዝምስገን ዝምድና ከምዝለወን ብምርግጋጽ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስን ህዝቢ ኤርትራን ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ፣ ንኣምባሳደር ኣለም ድማ - ጽቡቕ ናይ ስራሕ ግዜ ተመንዩሉ።

## ጋሽ-ባርካ - ኩነታት መሬት ሕርሻ ንምርግጋጽ መጽናዕቲ ክካየድ እዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንክረምታዊ ሕርሻን ማሳኖኣዊ ልምዓትን ዝተዓደለ መሬት ብዝግቡእ ይለምዕ ምህላዉን ዘይምህላዉን ንምርግጋጽ፡ መጽናዕቲ ከምዝካየድ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዝሓለፈ: ብ29 ሰነ ኣብ ኣቘርደት ምስ ኣመሓደርቲ ሓረስቶትን ኣልማዕቲ ጀራዲንን ንኡሳን ዞባታት ተሰነይ፡ ኣቘርደት፡ ድጌ፡ ፎርቶ-ሳዋን ሃይኮታን ኣብ ዝገበሮ ርክብ እዩ።

እቲ መደብ፡ ጣኺኑ ዝተርፍ መሬት ከይህሉ ንምርግጋጽ ከምዝሕግዝ ብምሕባር፡ ካብ ልምዓት ዝወጸ መሬት ምስ ዝህሉ፡ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ተመሊሱ - ከልምዖ ንዝኽእሉ ከምዝዕደል ኣረዲኡ።

ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ፡ ማሳኖኣዊ ልምዓትን ምስሳን ጥሪትን ዝምልከት ጸገማት ዝነበሩ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜኦም ክፍሊት ግብሪ ዝኸፍሉ - ኣብ ንጥፈታቶም ምትብባዕ ከምዝግበረሎም ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ሓረስቶትን ኣልማዕትን ኣብ ንጥፈታቶም ዕቱብነት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ኣቶ የውሃንስ ደስታ ብወገኑ፡ ኣብ ኣገባብን ሕጋጋትን ኣከፋፍላ ግብሪ ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ግብሪ ብመሰረት ዝቐረበ ሰነዳትን ዝተረኽበ እቶትን ስለዝቕመር፡ ንቕሓት ከፈልቲ ግብሪ ክብ ክብል ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

## ዓዲ-ቐይሕ - ኣባላት ፖሊስ ታሪኻዊ ከባቢታት ቈሓይቶ በጺሖም

ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት - ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ኣፍልጦን ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምዝኽኻር - ኩለን ትካላት ብዝለዓለ ክደፍኣሉ፡ ኣባላት ፖሊስ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ተላብዮም።

እቶም ብ24 ሰነ ብጥርኑፍ ታሪኻውን ጥንታውን ከባቢታት ቈሓይቶ ዝበጽሑ ኣባላት ፖሊስ፡ ቡብከባቢኡ ተወዲብካ ዝግበር ናይ ምብጻሕ መደባት - ታሪኽካ ብቐረባ ክትርኢን ክትድህስስን እውን ስለዘኽእል፡ ብስሩዕ ኣገባብ ክስራሓሉ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ'ቲ ከባቢ፡ ጥንታዊ ቅርሲታትን ኣሰራትን፡ ልዕሊ 2 ሽሕ ዓመታት ዝገበረት ዲጋ ሳፊራ፡ ጥንታዊ ኣዕኑድ፡ መቓብር ግብጺን ካልእን ከምእተዓዘቡን፡ ብዛንታን ትምህርትን ንዝፈልጥዎ ብኣካል ምርኣዮም ዕግበት ከምዝፈጠረሎምን ገሊጾም።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ካፒተን ኪዳነ ፍትዊ፡ ብሕልፊ መንእሰያት ጉድኒ-ጉድኒ ስራሖም፡ ታሪኻዊ ቦታታትን ጅግንነት ዝተፈጸሞ ከባቢታትን ከምዝበጽሑን ከምዝርእዩን ምግባር፡ ብዙሕ ረብሓታት ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ዑደት፡ ብዛዕባ ትሕዝቶ፡ ታሪኻውነትን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ከባቢን ኣብኡ ዝርከብ ቅርሲታትን፡ ብሞያውያን መብርሂ ተዋሂብዎም።

## ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ 24 ተመሃሮ ኣመረቓ

ኣብ ኣስመራ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት - ሓላይ፡ ንክልተ ዓመት ብጽኑዕ ኮምፕዩተር ዘምሃረቶም 24 ተመሃሮ፡ ብ2 ሓምለ ኣመረቐት።

እታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝሓለፈ 11 ዓመታት፡ ብዓውድታት ሞያ ጽርበት ሓጺን፡ ጽገና ኮምፕዩተርን ምዝርጋሕ መርበባትን 438 ተመሃሮ ከምዝመረቐት፡ ዳይረክተር እታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ራጉኤል ተኽለ ሓቢሩ።



ብቑዕ ፍልጠት፡ ክእለትን ጥበብን ዘውንኑ ተመሃሮ ንምፍራይ፡ መንግስቲ ነታ ቤት-ትምህርቲ ምዕቡል መሳርሒታትን መወከሲ መጻሕፍትን ከምዝዕጠቓ ዝሓበረ መምህር ራጉኤል፡ ተመረቕቲ ቀሲሞምዎ ብዘለዉ ሞያውን ኣካዳሚያውን ትምህርቲ፡ ንህዝቦምን ሃገሮምን ብተወፋይነት ከምዘገልግሉ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ስዩም፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ምስ ምዕባለ ዘመናዊ ማሽናት፡ ካብ ወርሒ መስከረም 2024 ሓደስቲ ተመሃሮ ክትቅበል መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ንመበል 10ይ ግዜኣ እያ ተመርቕ ዘላ።

# ንጥፈታት ልምዓት ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን



ማርታ ክብሮም
ስእሊ - የሱፍ እድሪስ

ሓውሲ ከተማን ንኡስ ዞባን ዓዲ ተከሌዛን ካብ እትድኩን ኣስታት 850 ዓመታት ኣቝጺራ ትርከብ። ኣብ ከቢሳዊ ጸፍሒ ባይታ ዝተደኮነት ኰይና፡ ብደቡብ ምስ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ብምብራቕ ምስ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብምዕራብ ምስ ንኡስ ዞባ መቕረካ፡ ብሰሜን ምስ ንኡስ ዞባ ዒላብርዕድ፡ ብሰሜናዊ ምብራቕ ድማ ምስ ንኡስ ዞባ ገለብ ትዳወብ። ኣብዛ ንኡስ ዞባ ክልተ ብሄራት - ትግርኛን ትግረን ይቕመጡ። ዝበዝሕ ህዝባ ኣብ ሕርሻዊ መጉብር ዝተመርኰሰ ህይወት ይመርሕ። እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ይሳተፍ። ብዝሒ ህዝባ ኣስታት 13,000 ይኸውን።

እዛ ንኡስ ዞባ ምዕባለኣ ብመንጽር ዝተደኮነትሉ ብዝሒ ዓመታት ክርአ ከሎ ብዙሕ ኣይሰጎመትን ክበሃል ይከኣል። ንህዝቢ መሰረታዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ግና ተዋዲደም ይርከቡ። ካብዚ ዘለዎ ናብ ዝበለጸ ደረጃ ንኽበጽሑ ድማ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ከም ዝርከቡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ኣቶ ማርቆስ ሃብተስላሰ ገሊጹ።

ኣቶ ተስፋልደት ካሕሳይ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ንሽግታት እቲ ንኡስ ዞባ ኣመልኪቱ፡ ቅድሚ ናጽነት ቍጽሪ ኣብያተ ትምህርትን ተሳትፎ ተማሃሮን ውሱን እዩ ነይሩ፡ ቅድመ ትምህርቲ ኣይነበረን፡ ከምኡ'ውን ተማሃሮ ኣብቲ ግቡእ ዕድሚኦም ኣይኮኑን ዝጀምሩ ነይሮም። ሎሚ ግዳ እኹል ኣብያተ ትምህርቲ ተሰሪሖን፡ ተማሃሮ እኹል ኣገልግሎት ክረኽቡ ክኢሎም ኣለው። ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ኣብ 11 ምምሕዳር ከባቢታት ዝተደኮና 25 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። 10 ብስሩዕን ብኮማውን ዝምህራ ቅድመ ትምህርቲ፡ 10 መባእታ፡ 4 ማእከላይ፡ 1 ድማ ካልኣይ ደረጃ ኣለዋ። ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብዘን ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ 6862 ተማሃሮ ኣለው። ኣብ መባእታ ቋንቋ ኣደ ትግርኛን ትግረን እዩ።

ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ዝምህሩ 348 መምህራን ኣለው። ቅድሚ ናጽነት ግና፡ ኣብዚ ንኡስ ዞባ 60 መምህራን ጥራይ እየም ነይሮም።

ብዘይካ'ዚ ትምህርቲ ዓርያት ዝምህራ ኣብ በጾታን ናላይን ክህልዋ ከለዋ፡ ትምህርቲ ንጋብይቲ ዝምህራ ድማ ኣብ ናላይ፡ በጾታን መዓልዲን ኣለዋ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ተማሃሮ ስሩዕ ትሕተ ቅርጺ ማለት ብኣጋቡብ ኣብ ዝተሰርሐ ህንጻ ክመሃሩ ከለው፡ ኣብ ቢጋሳን መዓልዲን ግና ኣብ ዳሳት እየም ዝመሃሩ። ኣብዚ ንኡስ ዞባ ሓንቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ጥራይ እያ ዘላ። እዚኣ ን11 ምምሕዳር ከባቢታት እኽልቲ ኣይኮነትን። ስለዚ እዞም ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ምስ በጽሑ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ገዛ ተኻርዮም እየም ዝቕመጡ። መንግስቲ ንዚሎ ጸገማትና ርእዩ ፍታሕ ክገብረልና ናይ ኩላትና ለበዋ እዩ።

ተሳትፎ ተማሃሮ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ኣሎ ክበሃል ዝከኣል እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ መዓልዲን በጾታን ዝመሃሩ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ምስ በጽሑ፡ ኣብ ናቕፋን ደቀምሓረን ናብ ዝርከባ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ስለ ዝኸዱ፡ ቍጽሮም እናንኣሰ እዩ ዝኸይድ። እዚ ንምምሕያሽ ቀጻሊ ኈስጓስ ይግበር እዩ።

ቀጺሉ ኣቶ ተስፋልደት ገብረብርሃን ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን፡ ንሽግታት ሕርሻዊ ንጥፈታትን ልምዓትን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ዝርዝራዊ መግለጺ፦

ጨንፈር ሕርሻ ናይዚ ንኡስ ዞባ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኰረ ንጥፈታት፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ምክንኻን ብቑሊ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ካልእ ምስ ሕርሻ ዘተኰረ ንጥፈታት ዝሓቁፍ እዩ። ምግራብ'ውን ኣካል ናይዚ ንጥፈት እዩ።

ብጠቕላላ 4500 ሄክታር ዝሕረስ መሬትን 80 ሄክታር ብማሳና ዝለምዕ መሬትን ኣሎ። ሩባ ዓንሰባ በዚ ንኡስ ዞባ ስለ ዝሓልፍ፡ ነዚ ሩባ ተጠቒሞም ዘልምዑ ሓረስቶት ኣለው። እዚ ኣከባቢ ከቢሳዊ ክሊማ ስለ ዘለዎ ዳጉሻ፡ ስርናይ፡ መሸላ ተዘሪኡ ጸቡቕ ምህርቲ ይሕፈሶ ኣሎ። መብዝሕትኦም ዓይነታት ኣሕምልቲ'ውን ኣብዚ ቦታ ይበቑሉ እዮም።

ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኰረ ብዙሕ ንጥፈታት ተዓሚሙ እዩ። ከም ውጽኢቱ ከባቢ 500 ሄክታር መሬት ዛላታት ተሰሪሕሉ ኣሎ። ኣብዚ ክረምቲ ማይ ብምዕቃብ ምህርቶም ክሓፍሱ ምሉእ ተስፋ ከም ዘለዎም ኣቶ ተስፋልደት ገሊጹ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ 300 ጋሙስ ዝበሃላ ናይ ጸባ ከብቲ ስለ ዘለዋ፡ ነዚ ከባቢ እኹል ቀረብ ኣብ ምሃብ ይርከባ። ኣብ ናይ ንህቢ መፍረ'ውን ብውልቂ ዝሰርሑ ሓረስቶት ኣለው። ባህላውን ዘመናውን ዝጠቓለለ 700 ቆፎታት ኣለው።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቀምሓረን ጎላጉልን ተደኲነን ዝርከባ ክልተ መደበር ፊልሲ ኣለዋ። ስለዚ ዓመታዊ ከባቢ 400 ሽሕ ፊልሲ ገረብ ይትከሉ ኣለው። ቀንዲ ኣብዚ ቦታ ዝበቝሉ ኣግራብ ኣውሊዕን ሰራውን እዮም። ንቕሓት ህዝቢ ኣብዚ መዳይ ኩብ ስለ ዝበለ ኣብዚ ሓውሲ ከተማ ዓዲ ተከሌዛን ጥራይ ኣርባዕተ ሕሩም ሕዛእቲ ኣለው።

ኣገልግሎት ክትህብ ክብድ ዝበለ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ግና፡ ብመልክዕ ኣውትሪች እናኸደና ኣገልግሎት ንህብ ኢና። እዚ እናኾነ ግቡእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዘይረኽባ ዓድታት'ውን ኣለዋ። ንዕኣንን ንደቀንን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንክረኽባ ብእግረን መገዲ ኣርባዕተ ሰዓታት ተጓዒዘን ናብዚ ዝመጽኣ ኣለዋ።

ኮማዊ ሆስፒታል ዓዲ ተከለዛን ኣገልግሎት ኦፒዲ፡ ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ክትትል ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ክታበት ህጻናት፡ ደቂሶም ዝሕከሙ፡ ወለንታዊ መርመራ፡ ህጹጽ ረዲኤትን ካልእን ኣገልግሎት ትህብ። ኣብዛ ኮማዊ ሆስፒታል ልዕሊ 20 ሓካይም ኣለው። ስለዚ እኹል ዓቕሚ ሰብ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት መዓልዲ፡ በጾ፡ ኩዋኪን ከምኡ'ውን ደቀምሓረ ሓሙሽተ ኢጋር ሓካይም ኣለው። ኣብተን ልዕሊ 10 ኪሎ ሜተር ርሕቀት ዘለወን ዓድታት ድማ ወከልቲ ጥዕና ዓድታት ኣለው።

ምምሕዳር ከባቢ መዓልዲ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ሓንቲ መደበር ጥዕና ሰሪሑ




ነርስ ልያ ኣልኣዛር ሓላፊት ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን እያ። ንሳ ንሽግታት ጥዕና ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣመልኪታ፦ ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታል ኣብዚ ሓውሲ ከተማ ዓዲ ተከሌዛን ኣላ። ንኣሸቱ መጉብቲ ክሊኒካት የለዋን። ስለዚ ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታል ን31 ሽሕ ህዝቢ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ ማለት እዩ። ከም ሳዕቤኑ ጸዕቂ ተገልገልቲ ይርአ እዩ። ብመንጽር ዘለዎ ጸዕቂ ተገልገልቲ፡ ኣብ ገለ ግዜ መድሃኒት ቀልጢፍካ ናይ ምውዳእ ተርእዮ ኣብቲ ኮማዊ ሆስፒታል ይርአ እዩ። እቲ ጸቡቕ ነገር ምስ ከቢሳዊ ክሊማ እዚ ቦታ ኣሰካፊ ሕማም የለን። ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዝርከባ ዝበዝሓ ዓድታት ብኽቦታት ዝተኸበ ስለ ዝኾና ቀጻሊ ናብኣን እናተንቀሳቐስካ ይርከቡ። ድሮ'ውን ኣገልግሎት ምሃብ ጀሚራ ኣላ። ዋላ'ኳ ኩሉ መለክዒታት ናይ ሚኒስትሪ ጥዕና እንተ ዘየማልአት ኣብ ነብርታ ግና እፎይታ ፈጢራ ኣላ።

ገለ ከባቢታት ከም በዓል በጾ ዝኣመሰላ ዓድታት፡ ራሕቂ ስለ ዘሎ ብፍላይ ኑበሰ ጾራትን ሓራሳትን ናብዚ ክመጽኣ ይጸግማ እየን። ኣብዚ ተወሰኽቲ ክሊኒካት እንተ ዝህልዋ እቲ ዘሎ ሃልክን ድኻምን ምጉደለ። ብዘይካ'ዚ ካብ ብሕታዊ ፋርማሲታት ዝግዘኣ መድሃኒት፡ ብዋጋ ምስቲ ዓቕሚ ህዝቢ ዝኸይድ ኣይኮነን።

መጸብቱ ነፍሱጾራት ስለ ዘሎ ኩለን ኣብዚ ከባቢ ዝነብራ ኣዴታት ኣብዚ መጺኣን ተጸብየን እየን ዝሓርሳ፡ ካብ ሰሙናት ክሳብ ክልተ ወርሒ ድማ ይጸንሓ። ንመግበን ዝምልከት ገለ ሓገዛት በቲ ትካል ጥዕና ይወሃበን እዩ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

መበል 12 ክፋል

ሲራክ ክፍለ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ብዛዕባ ዓለምለኻዊ ደንበታት ኣልዒልና፡ ዓለምለኻዊ ፖለቲካን ዓለምለኻዊ ቁጠባን ብሕጻር ዝበለ ተመልኪትና፣ ብዛዕባ ናይ ሮም ደንቢ ቤት ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ዳህሲስና። ማእርሕን ተግባራትን ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ንምርዳእ ከኣ፡ ናብ ጉዳይ ፕረዚደንት ዑመር ኣልበሽር ቀዲሚ ምሳጋር፡ ከም ድሕሪ ባይታ ብዙደጋገሚ ወተሃደራዊ ዕልዋን ምቅይያር መንግስታትን ዝሓለ ታሪኽ ስርዓታት ሱዳንን ክንደህስስ መሪጽና። መቕጸልታኡ ይስዕብ-*



ጃዕፈር ኣል ኑመሪ

**ቀዳማይ ኣንፈት ደሞክራሲ**

ኣል-ኸሊፋ ንሸውዓተ ዓመት ኣብ ደቡብ ሱዳን ከም መምህር ድሕሪ ምስራሑ፡ ናይ ዞባ ደቡብ ናይ ትምህርቲ ምኽትል ዳይረክተር ኮይኑ ብምስራሑ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ጽቡቕ ተቐባልነት ዝረኸበ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ኣቦ ኣል-ከሊፋ ሓደ ካብቶም መራሕቲ እንዳታት ብምንባሩ ከም መሰጋገሪ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሰልፊ ኡማ ተሓጺዩ ብጀነራል ዓቡድ ተመዚዙ።

ኣል-ኸሊፋ ናይ ደቡብ ሱዳን ሕቶ ብሰላም ንምፍታሕ ልዑል ድልየት ብምርኣዩ፡ ብዙሓት ደቂ ደቡብ ኣብ ሰልፊ ኡማ ከምዝሕወሱ ብምግባር፡ ኣብቲ ንሰሜን ተሓዚኡ ዝነበረ ናይ ሚኒስተር ቦታ'ውን ክሳተፉ ዕድል ከፊቱ። ኣብዚ ከይተሓጽረ 24 ናይ ደቡብ ፖለቲከኛታትን 18 ወከልቲ ሰልፊ ሰሜንን ዝሳተፍዎ ናይ ከቢብ-ጣውላ ዋዕላ (Round Table Conference) መስሪቱ። እቲ ዋዕላ ን16-29 መጋቢት 1965 ኣብ ጁባ ክካየድ ተመዲቡ እኳ እንተነበረ፡ ተቓውሞ ምስ ተራእየ ናብ ካርቱም ተሰጊጊሩ። እቲ ዋዕላ ፍረ ብዘይምሃቡ ድማ ኣል-ኸሊፋ ካብ ስልጣን ተኣልዩ።

ኣብቲ ብተኸበተብ ዝተኻየደ ምርጫ 21 ሚያዝያ - 8 ግንቦት 1965፡ ን207 መንበር ውድድር ክግበር ዝግባእ፡ ኣብ ደቡብ ኩናት ስለዝነበረ እቲ ናይ ደቡብ ን18 ሚያዝያ 1967 ተሰጊጊሩ። በዚ ድማ ንውድድር ዝቐረበ 173 መንበር ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ምርጫ'ዚ ከኣ ልፍንቲ ሰልፊ ሃገራዊ ስምረት (ሰዛሰ 59 መንበር)፡ ሃገራዊ ሰልፊ ኡማ (ሃሰኡ 90 መንበር) ካብ 173 መንበር ብምዕዋት፡ ብ10 ሰነ 1965 ኣል-ኣዝሃሪ (ሰዛሰ) ዳግማይ ኣብ ስልጣን መጺኡ፡ ፕረዚደንት ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ዝነበረ መሓመድ ኣሕመድ ማሕጁብ (ሃሰኡ) ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ።

ኣብ ሓምለ 1966 ባይቶ ድምጺ እምነት (Vote of Censuer/confidence) ጸዊዑ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ማሕጁብ ድማ ብጾዒ ፍቓዱ ካብ ስልጣን ወሪዱ። ማሕጁብ ካብ ስልጣን ድሕሪ ምውራዱ ሃገራዊ ሰልፊ ኡማ ተፈናጪሉ። ገለ ክፋል ብማሕጁብ ክምራሕ እንከሎ፡ እቲ ዝበዝሐ ክፋል ከኣ ብሳዲቕ ኣል-ማህዲ (ወዲ-ወዱ ንሳይድ ኣብድልራህማን ኣል-ማህዲ) ክምራሕ ጀሚሩ። ሳዲቕ ኣል-ማህዲ ምስ ሰልፊ ሃገራዊ ስምረት ተሓቢሩ ክሰርሕ ብምውሳኑ፡ ብ27 ሓምለ 1966 ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ። ሳዲቕ ኣል-ማህዲ፡ ዞባዊ (Local) ምምሕዳራት ዝያዳ ስልጣን ክህልወን ከምኡ'ውን ዞባታት ደቡባዊ ሱዳን ዝያዳ ናጽነት ክወሃበን ብምድጋፉ፡ ወተሃደራዊ ትካላትን ብዙሓት ምሁራትን ተቓወምዎ። ኣብ ግንቦት 1967 ከኣ ካብ ስልጣን ተኣልዩ። ሳዲቕ ኣል-ማህዲ ምስ ተኣልየ፡ ማሕጁብ ብደገፍ ሰልፊ ሃገራዊ ስምረትን ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ሰልፍን ብ18 ግንቦት 1967 ናብ ስልጣን ተመሊሱ።

ሓደ ሰልሲት ካብቶም ኣብ 1965 ዝተመረጹ ኣባላት ባይቶ ብጾዒ ፍቓዶም ድሕሪ ምስሓቦም፡ ህጹጽ ምርጫ ባይቶ ካብ 12 ሚያዝያ ክሳብ 2 ግንቦት 1968 ተኻይዱ። ኣብዚ ምርጫ'ዚ 218 መንበር ንውድድር ቀሪቡ፡ ሰልፊ ሃገራዊ ስምረት (101 መንበር)፡ ሰልፊ ኡማ ሳዲቕ (36)፡ ሰልፊ ኡማ ኢማም (30)። ድሕሪ ናይ 1965 ምርጫ ሃገራዊ ሰልፊ ኡማ ብዙሕ ስለ ዝተፈናጨለ፡ ኣብቲ ናይ 1968 ምርጫ ብሽም ውልቀሰባት ዝጽውዓ ብዙሓት ሰልፈታት ኡማ ተቐልቂለን። እታ ዝዓበየት ሰልፊ ኡማ ናይ ሳዲቕ ኣል-ማህዲ ኮይና፡ እታ ካልኣይቲ ዝዓበየት ከኣ ናይ ሓዲ ዓብዱልራሕማን ኣል-ማህዲ (ሓወቦኡ ንሳዲቕ) እያን ዝነበራ። ኣብቲ ናይ 1968 ምርጫ ናይ ሳዲቕ ኡማ ካልኣይቲ ዕውትቲ ኮይና ትውጻእ'ምበር፡ ንባዕሉ ርእሱ ሳዲቕ ኣብቲ ምርጫ ተሳዒሩ። ኣብዚ ናይ 1968 ምርጫ 13 ሰልፈታትን ውልቀ ተወዳደርትን ኣባላት ባይቶ ኮይኖም። ድሕሪ ናይ ግንቦት 1968 ምርጫ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ብ25 ግንቦት 1969 ኩሎኔል ጃዕፈር ኑመሪ ዝመርሖ ወተሃደራዊ ዕልዋ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ሱዳን ተኻይዱ። በዚ ከኣ እቲ ተሰኪፉ ተጓቢሩሉ ዝነበረ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ተቖጺዩ።

**ካልኣይ ወተሃደራዊ መንግስቲ ሱዳን**

ኩሎኔል ጃዕፈር ኑመሪ፡ ኣብ ሱዳንን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወሰደ ህንጡይ እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ወዲ 27 ዓመት እንከሎ ብ1955 ዕልዋ መንግስቲ ከተካይድ ፈቲኑ ብዙብል ተኸሲሱ፡ መርትዖ ስለ ዘይተረኸበ ተለቒቑ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 1966 ሌትናንት ሐሰን ዑስማን ምስ ኮሙኒስት መኮንናት ኮይኑ ዕልዋ መንግስቲ ፈቲኑ ነይሩ፡ ግን ኣይሰለጦን። ኣብዚ'ውን ኑመሪ ኢድ ነይሩካ ተባሂሉ ንሓደ ዓመት ክሳብ 9 ጥሪ 1967 ተኣሲሩ። ናይ ሃገር ሱዳን ካብ ማእሰርቲ ምስ ወጸ ካብቲ ዝነበሮ ናይ ምብራቕ እዚ፡ ሓላፊ እዚ ካርቱም ኮይኑ ተመዚዙ።

ኣብ 4ይ ወይ 5ይ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ፡ ኑመሪ ብ25 ግንቦት 1969 ተዓዊቱ ንሰቪላዊ ስርዓት እስማዒል ኣል-ኣዝሃሪ ኣልዩዎ። ብ26 ግንቦት ቅዋም ሰሪዙ፡ ባይቶን ካልኦት መንግስታዊ ትካላትን ኣፍሪሱ፡ ንኹለን ፖለቲካዊ ሰልፈታት ከኣ ኣገዲዑወን። 22 ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራዊት ጥሮታ ኣውጺኡ፡ ካልኦት ልዕሊ 30 ላዕለዎት መኮንናት ሰጕጉ፡ ሓደሽቲ ናተይ ዝበሎም 14 መኮንናት መዚዙ፡ ንባዕሉ ኣብ ሓደ ረፍዲ ካብ ኩሎኔል፡ መጀር ጀነራል ክትክውን ሸይሙዋ። መተካእታ ባይቶ ከኣ ሰውራዊ ፈጻሚ ባይቶ (Revolutionary Command Council) ኣቘሙ።

ኣብ ግዜ ዕልዋ መንግስቲ ዝተሓበበረ ባቢኳር ዓውዳላ፡ ብ25 ግንቦት 1969 ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኮይኑ ተመዚዙ። ነዊሕ ከይጸንሐ ኑመሪ ብ27 ጥቅምቲ 1969 ቦታ ቀዳማይ ሚኒስተርነት ካብ ዓውዳላ መንጢሉ ባዕሉ ቀዳማይ ሚኒስተርን ፕረዚደንትን ኮይኑ። ዓውዳላ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኮይኑ ቀጺሉ።

ኑመሪ ማሕበርነታዊ ስርዓት ክተኣታቱ እየ ብምባል ባንክታትን ዓበይቲ ኢንዱስትሪታትን ሃገሩ፡ ውሑድ ምድልዳል ዋንነት መሬት'ውን ኣታኣታትዩ። ኣንሳሪ፡ ተኸተልቲ መሓመድ ኣሕመድ ማህዲ፡ ሓወሲ ፖለቲካዊን ሃይማኖታዊን ምንቅስቓስ ብምዃኖም ድሕሪ ምፍራስ ፖለቲካዊ ሰልፈታት'ውን ኣይተናኸሙን።

ኑመሪ ኣብ መጋቢት-ሚያዝያ 1970፡ ልዕሊ 4,000 ሰራዊትን ነፈርቲ ውግእን ብምስዓድ፡ ነታ ቀንዲ ሰፈር ኣንሳሪ ዝነበረት ደሴት ዓባ (ሙሓምደ ኣሕመድ ማህዲ ዝተወለደላ ካብ ካርቱም ንደቡብ ኣብ ፈሳሲ እትርከብ ደሴት ኮይና ኣመንቲ ዝመላለሱላ ቦታ እያ) ሓመዳ ንሳዕሊ ገይሩዎ። ኣሽሓት ኣንሳሪ ቀቲሉ፣ ንምዝኢኡ ከኣ ተቓውሞ ኣንሳርን ሰልፊ ኡማን ኣዝሒሊሉዎ። ዳርጋ ንኹሎም ዝቃወምዎ ምስ ኣዳኸመ ኣብ 1971 ስማዊ ምርጫ ብምኪያድ ብ98.6% ድምጺ ሰዒሩ። ኣብ ታሪኽ ሱዳን ከምዚ ዓይነት ዓብላሊ ድምጺ ዝርከቦ ምርጫ ቅድሚኡ ተኻይዱ ኣይፈልጥን።

ድሕሪ 'ምርጫ 1971' ኑመሪ ነቲ ባዕሉ ዘቘሞ ሰውራዊ ፈጻሚ ባይቶ ኣፍሪሱ፡ ሱዳን ማሕበራዊ ስምረት ዝበሃል እንኮ ሰልፊ ኣቘሙ። ኣብ 1972 ብውዕል ኣዲስ ኣበባ ዝፍለጥ ገለ ልኡላውነት ንደቡብ ሱዳን ዘረጋግጽ ናይ ሰላም ውዕል ምስ ደቡብ ሱዳን ፈሪሙ። እዚ ውዕል'ዚ ከኣ ንሱዳን ዳርጋ ን11 ዓመት ሰላምን ርግኣትን ፈጢሩላ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር ወተሃደዊ ዕልዋ ሓንሳብ እንተጀሚሩ ናብ ባህሊ ዝቐየር እዩ ዝመስል። ብፈተነ ወይ ዕዉት ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ከኣ ንሱዳን እትርከብ ሃገር ዛላ ኣይትመስልን። ንባዕሉ ርእሱ ኑመሪ ኣብ ስልጣን ንኽመጽእ ኣብ 4-5 ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ከም ዝተሳተፈ ኣቐዲምና ጠቒስና ነይርና። ንኑመሪ ብኸዉ ንምእላይ'ውን ኣብ 70ታት ኣርባዕተ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ተኻይዱ - 1970 ብሳዲቕ ኣል-ማህዲ፡ 1971 ብኮሙኒስት፡ 1975 ብወተሃደራት፡ 1976 ዳግማይ ብሳዲቕ ኣል ማህዲ። ናይ 1975 ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ብጋዳፊ ዝተደገፈ ኮይኑ፡ ናይ ሳዲቕ ኣል-ማህዲ ሰራዊት ክሳብ ካርቱም ብምብጻሑ ጠንቂ ቅትለት ብዙሕ ህዝቢ ዝኾነ እዩ።

ኑመሪ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ኣብ 1977 ምስ ሳዲቕ ኣል-ማህዲ 'ሃገራዊ ዕርቂ' ብምግባር፡ ሃገራዊ ሰልፊ ኡማን ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ስምረትን ናብ ባይቶ ክምዝምለሳ ገይሩ። ድሕሪ ናይ ኑመሪ ዕልዋ መንግስቲ ተኣሲሩ ጸኒሑ ዝነበረ ፖለቲከኛን ሃይማኖታውን መራሒ ሓሰን ኣል-ቱራቢ ንሱዳን ክምለስ



ሳዲቕ ኣልማህዲ

ተዓዲሙ ሚኒስተር ፍትሕን ኣኽባሪ ሕግን ተሸይሙ።

ኑመሪ ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት ዝያዳ ናብ እስላማዊነት ብምዝንባል፡ ምስ 'ሕውነት እስላም' (ሙስሊም ብራዘርሁድ) ብምጽጋዕ፡ ኣብ 1983 ሸሪዓ ኣዊጁ። በዚ ከኣ ዝምድና ካርቱምን ጁባን ሻሕኪሩ። ብዘውሳኺ ውዕል ኣዲስ ኣበባ ብምጥሓስ ነቲ ናይ ደቡብ ሱዳን መንግስቲ ሰሪዙዎ። ውግእ ሓድሕድ ሱዳን ከኣ ዳግማይ ተወሊዑ። ነገር መመሊሱ ምስ ከረረ ኣብ 1984 ኑመሪ ድንጋገ ጸጥታ እዋን ብምእዋጅ ንሰራዊት ልዑል ስልጣን ሂቡ። መንግስቲ ኑመሪ ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ እዋናት፡ መንግስቲ ኣመሪካ ንሱዳን ትህቦ ሓገዝ ኣብ ጥርዚ በጺሑ - ኣብ 1979 ደገፍ ኣመሪካ 5 ሚልዮን ዶላር ዝነበረ፡ ኣብ 1985 ናብ 254 ሚልዮን ዶላር ዓሪጉ። ቁጠባ ሱዳን ግን ኣይተመሓየሸን ዝቐበለ ሰማይ ዓሪጉ መጠን ሸርፊ ጁኔ ሱዳን ብመንጽር ናይ ኣመሪካ ዶላር 80% ወዲቑ።

ኣብ መጋቢት 1985 ዋጋ ዕሸ (ባኒ) ላዕሊ ደይቡ፡ ኩሉ ዋጋ መግቢ ንሂሩ፡ መቁጣዕቶ ህዝቢ ኣብ ዝኸፍኣሉ፡ 8 ሓካይምን ጠበቓታትን መምህራንን ካልኦት ህዝባዊ ማሕበራትን ን3 ሚያዝያ 1985 ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ጸዊዑ። ኑመሪ ሓገዝ ክሓትት ንኣመሪካ ምስ ከደ ብ6 ሚያዝያ ሚኒስተር ምክልኻል ዓብደል ራሕማን ሰዋር ኣል-ደሃብ ወተሃደራዊ ዕልዋ ኣካይዱ። ጃዕፈር ኣል ኑመሪ ከም ኣመጻጽኣኡ፡ ብወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ካብ ስልጣን ተኣልዩ። ካብ 1985 ክሳብ 1999፡ ን14 ዓመት ኣብ ካይሮ፡ ግብጺ ተዓቚቡ። ኣብ ዘመነ ዑመር ኣል በሽር ኣብ ግንቦት 1999 ንካርቱም ተመሊሱ። ነገር ግርጭብጥ ህዝቢ ከም ጅግና ተቐቢልዎ። ኣብቲ ሰዒቡ ዝመጸ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2000፡ ኩለን ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝጸገኦ ኑመሪ ኣንጻር በሽር ተወዳዲሩ ዳርጋ 10% ድምጺ ከኣ ረኺቡ። ኣብ 2005 ከኣ እታ ናይ ኑመሪ ሰልፊ፡ "ሽርክነት ሓይሊ ህዝባዊ ሰራሕተኛታት" (Alliance of the Peoples' Working Forces)፡ ምስታ ናይ በሽር ሰልፊ "ሃገራዊ ጉባኤ ሱዳን" (National Congress of Sudan) ተጸንቢራ። ኑመሪ ሓሚሙ ብ30 ግንቦት 2009 ዓሪፉ።

**ይቕጽል**



# ቪዛታት ‘ቺዩነ ሳጉሃራ’

ጴጥሮስ ተፈሪ
ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

. . . ኣብ’ቲ እዋን እቲ ንዘበረ ኩነታት ጽግዕ ኢሎም ዝኸታተሉ ዝነበሩ - ካብ ማሕበረሰብ ኣይሁድ ወጻኢ ዝኾኑ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዝሁብዎ ሓበሬታ እውን ኣሎ። ሳንሃራ ናብ ዓዱ ክኸይድ ቤት-ጽሕፈት ዓጽዩ ኣብ ሆቴል ኣብ ዝቕመጠሉ ዝነበረሉ ግዜ ከይተረፈ፡ ቪዛታት ጸጺሒፉ ይዕድል ከምዝነበረ፣ ዋላ እውን ኣብ’ቲ መደበር ባቡር ኮይኑ ምጽሓፍ ከምዘይቋረጸ እዮም ዝገልጹ።

ክሳብ’ታ ዝበገሰላ ህሞት፡ ምስ ግዜ ክቀዳደም ደረአ ምንባሩ፣ ሰዓታት ምብጋሱ ኣብ ዝኣኸለ እውን፡ ሓያሎ ደለይቲ ቪዛ ሆጭ ኢሎም ብዘደንግጽ ኣጠማምታ ይጸበዩዎ ከምዝነበሩ፣ ዘይተጻሕፈ ጸዕዳ/ሌጣ ወረቓቕቲ ኣብ ኢዱ ሐዚ ላዕልን ታሕትን ክብል ደረአ ምንባሩ ይውስኹ።

ሳንሃራ፡ ምስ ተሳፈረ ኣብ ውሽጢ ባቡር ኮይኑ እውን እናጸሓፈ ምዕዳሉ ቀጸለ። እቲ ዘገርም፡ ኣቐዲሙ - ንበዝሓት ወረቓቕቲ ማሕተምን ክታሙን ኣምቢሩሎ ምጽንሑ እዩ። ባቡር ሰዓታት ምንቃላ ኣብ ዝኣኸለሉ ከኣ፡ ኑቶም ክታምን ማሕተምን ጥራይ ዝነበሮም ጸዕዳ ወረቓቕቲ ኑቶም ተጸበይቱ ደርበዮሎም።

እዚ ኸሉ ጌሩ ብምድፍናቕ ክፋኑም ስለዝነበሮ (ናብ ባቡር ቅድሚ ምስቃሉ)፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ሆጭ ኢሉ ዝነበረ ህዝቢ ኣይሁድ ጠጠው ኢሉ - “ኣይትሓዙለይ ንኸኣልኹም ክርክበልኩም ኣይከኣልኩን። ጸጽብቐ እምጸልኩም!” ብምባል፡ ብትሕትና ኣመና ቅርጹ ሰይሩ፡ ኣብ ቅድመኦም ብምስጋድ ከበዱ ሕብጭብጭ እናበሎ እዩ ተፋንዩዎም ናብ ባቡር ተሰቒሉ።

ኣብ’ቲ ህሞት ከኣ እቶም ገና ቪዛታት ክረኽቡ ሃረር ኢሎም ትጸቢዮም ሰማይ ዝዓረጉ ዋላ እውን እቶም ዘይረኸቡ - በቲ ዝከኣሎ ዝጸዓሮ ብምሕጋዙ፡ “ሳንሃራ ክሳብ ዘሎና ፈጺምና ኣይክንርስዖካን ኢና!” ክብሉ ብሕቡር ድምጺ መለሱሉ። “ሳንሃራ፡ ሮግጸኛታት ኢና ደጊምና ክንርእየካ!!” ዝበል ሕቡር ድምጺ’ውን ወሰኹ። እታ ዝተሳፈራ ባቡር ነቒላ ክሳብ ትርሕቕ፡ እቲ ድምጺ ይደጋገሞ ብምንባሩም ይሰምዖ ነበረ። ንሱ እውን ከም ቃሎም ኣብ’ቲ ዘንጸላልዎም ዝነበረ መዓት ወጺኦም ክርእዮምን ክርእዩዎ ባህ ይብሎ ነበረ’ሞ ጸሎቱ ኣዕረገሎም - ብጸሎቱ ከኣ ተተሰፈወ።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ቈንስል ጃፓን ኣብ ሊትዌንያ ዓጽዩ ናብ ሃገሩ ምስ ተመልሰ፡ ጃፓን የድልያ ስለዝነበረ ቀልጢፉ ኣይሓተተቶን። ተመሊሳ እኳ ደኣ፡ ናብ ከም ብዓል ፕራግ - ቸኮዝላቫኪያ፡ ቡካረስት - ሮማንያ ለኣኸቶ። ሰራዊት ሶቬት-ሕብረት 1944 ናብ ሮማንያ ምስ ኣተወ ግና፡ ምስ ስድራቤቱ ተታሒዙ ኣብ ሓደ እሱራት ኩናት ዝእሰሩሉ ተዳጎነ። ኣብ’ቲ ቤት ማእሰርቲ ን18 ኣዋርሕ ጸንሐ። ኣማሲያኡ ከኣ ብ1947 ብመንገዲ እቲ ንሱ ምስ ሰራዊት ሶቬት-ሕብረት ተሰማሚዑ ንኣይሁዳውያን ናብ ጃፓን ዝሰደሉ ዝበረ ትካል ትራንስሳይበርያን ረይልወይ ናብ ሃገሩ ተመልሰ።

እንተኾነ፡ ኣብ ሃገሩ ጽቡቕ ዕድል ኣይጸንሖን። ክሳብ ዝደልዎ ክሕንክስ ዝጸንሐ ሃጸያዊ መንግስቲ ጃፓን፡ ክጥቀመሉ ክብል ክሳብ ሽዑ ኣወዛዊፍዎ ዝጸንሐ ጉዳይ ቪዛታት ምዕዳል ንኣይሁዳውያን ኣሳቢቡ ካብ ስራሑ ረፈደ። ብወግዒ እውን ብስራ እቲ ንመምርሒታት መንግስቲ ጥሒሱ ዝዓደሎ ቪዛታት ደሰጉግ ምንባሩ ተነገሮ።

ህይወት ብኡ ንብኡ ንዓኡን ንስድራቤቱን ክትሸሓቐሮ ጀመረት። በበቁሩብ እኳ ክይተለማምዶ፡ ክይደንገዮት ብሞት እቲ ወዱ 7 ዓመት ዝኸኣሰ “ሃሩኪ” ወዱ መጽኣቶ። ብድሕሪ እዚ እውን ኣይደንገጸትሉን መመለሱ እናሸፍኣ ፍጹም ክጥዕም ኣይከኣለን። ህይወት ናይ’ታ ሰለስተ ጥዑም ዝለመዱ፡ ጽቡቕ ጥራይ ዝፈልጡ ደቂ ዝነበሩዋ ስድራ ምንባይ ሰኣነ። ነቲ ኩሉ ብቕዓቱን ፍልጠቱን ተረዲኡ ስራሕ ዝቖጸሮ ኣይረኸበን። ነታ ስድራቤት ንምጥዋር ከኣ ኣብ ስራሕ ምናፋዕን ክድምናን ኣተወ።

ብፍላይ እቲ ጉቡዝ እናኣሕከሎሐ ኣምጹል ዝሸጠሉ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ምህሮን ምኩር ዲፕሎማትን ቺዩነ ሳንሃራ ኣይመስልን። ብዓልቲ-ቤቱ እውን እቲ ዝፈልጠላ ወዘን ሞራል ኣጥፊኣ ሕሰም ኣብ ምልእ ኑብሳ ዓሰሉ፡ ኣብ ዘይ እዋና ዝቖምሰሉት ቈጽሊ መሲላ ነበረት። ሰብ ንናብራኦ እዩ ዝመስል - ከርፋሕ ህይወት ከርፋሕፋሕ ኣበሉ ከሰል ኩዲንዎም ነበረ። ደቁ ካብኡን ካብ ኣደኦምን ኣይሕሹን። ኑብሶም ማህሚኑ ዘብላዕካ እንተብላዕካ ዝምለስ ዘይመስል ኑበሲ ዝወሓ ኩነት፡ ካብ ሰእነት ዝኸፍእ ወጸዕ ካብ ጥሜት ዝኸፍእ ዘማስን ሕማም የለን። እታ ስድራ ኩላ መስናግለኣ ብልዕሊ እቲ ዕሩቕ ኩዳውንታ ኣሕሊፍካ ዘረኣን ዝቖጸርን ኩነ፡ እዚ እቲ ካልእ ሕማቕ ጥርዚ ናይ’ቲ ቅድም ዝነበርዎ ጥርዚ ምኻት እዩ።

መሰረሕ ህይወት ኩይኑ ግና፡ ኣብ 1949 “ነቡኪ” ዝበልዎ ወዲ ወለዱ እሞ፡ እታ ብሞት ወላዱ ዝጀመረቶ ከርፋሕ ናብራ፡ ብምውላድ እዚ ቈልዓ ንሳ ወጺኣ ህይወት ገጻ ክትምልሰሉ ተመኘቶ። ኣይደንገየን ከኣ ከም ተሰፋኡን ምጃዎትን ኩይኑሉ - ሳንሃራ፡ ኣብ ሓደ ኣቐዲሙ ንዝነበሮ ብቕዓትን ቁወምነገርን ዘለለየ “ለኣኺ ካምፓኒ” ከም ጀነራል ማናጀር ስራሕ ረኸበ ተቖጽረ። ናብራ እታ ስድራ ብሳላ እዛ ስራሕ እዚኣ ገጹ ክምልስ እንከሎ፡ ገጽ ኣባላት እታ ስድራ እውን ልክዕ ከም ኣብ ጽድያ ዝቖልቀል ሰምለም ሳዕሪ ኣሰር ጽባቐ ኣብ’ቲ ዝጠውለገ ቁርበት ተራእየ። ኣይደንገየን እውን እቲ ኣሰር ናብ ምሉእ ምስሊ ተመልሰ - ህይወት በርሃው በለትሎም።

ኣብ 1968 ሓደ “ጆሸዋ ናሸረ” ዝተባህለ ኣብ ኤምባሲ እስራኤል ኣብ ጃፓን ዝሰርሕ እስራኤላዊ - ንሳንሃራ ረኸቦ። ሓደ ካብ’ቶም ኣብ’ቲ ሕሱም እዋን ተጠቂምቲ ቪዛታቱ እዩ ዝነበረ። እቲ ኣብ’ቲ ሕማቕ እዋን ኮተቴ ዝነበረ ጆሸዋ፡ ብምድፍናቕን ክብርን ሓቐፉ ክስዕሞ እንከሎ፡ ክጸግቦ ኣይከኣለን። ዚያዳ ናይ’ቲ ሕማቕ እዋን ብራዕዲ ዝብዩ ጃሕጃሕ ዝበል ናይ ሓገስ ንብዓት ነበዐ። ኣብ ዓሙቱ ከኣ፡ ሳንሃራ ብሳላ ጻዕሪ ጆሸዋ ናብ እስራኤል በጽሐ። መንግስቲ እስራኤል ድሙቕ ኣቀባበላ ገበረሉ። “ሳንሃራ ደጊምና ተረኣኢና፡ ሳንሃራ ሕጂ’ውን ዚያዳ ነፍቅረካ ኢና!” ዝበሉ ናይ’ቶም ረባሕቲ ቪዛታቱ ዝነበሩን ካቦ ዝተሰደድዎ ዝተኣከቡን ካልኣት ንተግባሩ ዘድንቑን ዝሓለፉ መንገዲ ሆ ሆ በሉ። ሓገስ ብዘዓሰሎ ዝተጸምበለ ኣቀባበላ እዩ ነይሩ።

ኣብ 1984፡ ሓደ ኑቶም ንኣይሁዳውያን ኣብ እዋን ጸገሞም ሰብ ውዕለት ብምዃን ንዝሓገዝዎም ኣፍልጦ ዝሁብ “ያድ ቫሸም” ዝበሃል ትካል ምስ ተመስረተ እውን፡ እቶም ኣሽሓት ተረባሕቲ ቪዛታቱ፡ ሳንሃራ፡ ሳንሃራ ዝበል ምሕጽንታኦም ደው ኣይበለን። ኣይደንገየን ከኣ፡ ሳንሃራ ነቲ Righteous Among The Nations ዝበሃል ንኽብሪ እቶም ኣብ እዋን ጸገም ኣይሁድ ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ብምእታው ዝሓገዙ - ዝወሃብ ናይ ክብሪ ሽልማት ተዋህበ።

እንተኾነ፡ ሳንሃራ ኣብ’ቲ ግዜቲ ኣመና ሓሚሙ ብምንባሩ፡ ናብ እስራኤል ብምኻድ ክቕበሎ ይኽእል ኣይነበረን። ኣብ ክንዳኡ ብዓልቲ-ቤቱን እቲ ዝኸኣሰ ነቡኪ ወዱን ተቐበልዎ። ሽዑ “ዘ ጃፓን ታይምስ” ክይተረፈት ብ1 ጥሪ 1985 “ሓደ ጃፓናዊ ን6000 ዝኣኽሉ ኣይሁዳውያን ብምድሓኑ፡ ናይ ክብሪ ሽልማት ረኸበ!” ክትብል ኣብ ገጻ ብምስፋር፡ ጃፓን ዝበደሉቶ ከይዘከረት፡ ጃፓናዊ ብምኻኑ ብኩርዓት ገለጸት።

ሳንሃራ ብዘብ እዚ ፍጻመን እቲ ናብዚ ኸሉ ዘብጽሖ ምኽንያትን ንኸብርህ - ኣብ 1985 ቃሉ ሂቡ ነይሩ። 45 ዓመት ድሕሪቲ ፍጻመ ቪዛታት ዝዓደለሉ፡ ብዘብ እቲ ፍጻመ ኣብ ዝተሓተትሉ “. . . እቶም ሰደተኛታት ደቂሰብ እዮም፡ ሓገዝ ከኣ የድልዮም ነይሩ” ድሕሪ ምባል፡ “. . . ክበድኻ ዝበልዎ ነገር እዩ። ንዘኾነ ስደተኛ ገጹ እንተደኣ ኣስተብሂልካሉ፡ ኣዒንቱ ንብዑት ቋጺሩ እዩ ዝጸንሓካ። ብኡ ንብኡ ትሕግዞ የብልካን - ግና ትድንግጽ። ኣብ መንጎኦም ዓበይቲን ደቂ-



ኣንስትዮን ህጻናትን ነይሮም። ኣመና ተሰፋ ዝቖረጹን ኣርሒቖም ክኸዱ ዝደልዩን እዮም። ኢደይን እግረይን ይስዕሙን ይሳለሙን ነይሮም። እዚ ሓቂ እዩ - ብዓይነይ ንዝረኣኽዎ ምስክር እየ” ክብል ገለጸ። ቀጺሉ ንዘቐረበሉ ሕቶ እውን–

“ብርግጽ፡ ኣብ መጻኢ ብዝግበረይ ዝኾነ ሰብ ከዕዘምዘም ከምዝኽእል እፈልጥ ነይረ እየ። እንተኾነ፡ እዚ ፍጻመ ቅኑዕ ውሳኔ ምንባሩ፡ ዝሓሰብኩሉ እዩ። ህይወት ብዙሓት ሰባት ኣብ ምድሓን ጌጋ ዝበሃል ነገር የለን። ምስ’ዚ ኣመና ፈታኒ ዝነበረ ኩነታት ገጢመ እየ። ብምኽንያት እዚ ከኣ፡ ናብ ዕጽፌ ትብዓት ተገዲደ። ደጋጊመ ሓሲበሉ እየ” ክብል መለሰ።

ስለምንታይ ንሰብ ክትብል ንዝበርካ ሞያ ኣብ ሓደጋ ኣእቲኻ? ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ “ብኣታቶም ስለዝሓዘንኩ ጥራይ እዩ። ኣርሒቖም ክኸዱ ይደልዩ ነይሮም - ቪዛታት ከኣ ኣፍቂደሎም” ክብል ብቐሊል ዝበለ ቃላት መልሲ ሂቡሉ።

ብዙሓ ናይ’ቶም ንሱ ቪዛ እናሃበ ብመንገዲ ጃፓን ናብ ካልእ ሃገር ዝሰገሩ ዝነበሩ ኣይሁዳውያን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጋዜጣታትን ካልኣት መራኸቢ ብዙሓንን - ክሳብ 6000 ከምዝበጽሕ እኳ ዝነገር እንተኾነ፡ ዝተጋነነ ስምዒት ዝተሓወሶን ይመስል ዝበሉ ኣይተሳእኑን። እንተኾነ፡ ብ29 መስከረም 1983 ናይ “ፉጂ” ተለቪዥን ኣብ ዝገበሮ ሰነዳዊ ፊልም፡ እቲ ‘4500’ ኣይሁዳውያን ዘድሓነ ጃፓናዊ’ ክትብል ገለጸ ምንባራ፡ እቲ ዝሓሸ ግምት ንሱ ክኸውን ከምዝኽእልን ይግለጽ። በዚ ኩነ በቲ ግና - ጃር ናይቶም ንሱ ዘድሓኖም ወለዶ - ሎሚ ክሳብ 100 ሽሕ ከምዝበጽሕ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ምልዓሉ ኣይተረፈን።

ሳንሃራ፡ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ብጽኑዕ ድሕሪ ምሕማም፡ ብ31 ነሓሰ 1986 እዩ ዓሪፉ። ሽዑ ስርዓት-ቀብሩ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተወኪሎም ዝመጽኡ ኣሽሓት ኣይሁዳውያንን ኣምባሳደር እስራኤል ኣብ ጃፓንን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ተፈጺሙ። ኣብ እዋን ወጽዓኡ ዘየዘከሩኦን ዘይፈለጥኦን መራኽቢ ብዙሓን ከይተረፉ ከኣ፡ ንሞቱ መርዓ ክሳብ ዝመስል ብምድማቕ - ሳንሃራ ዓሪፉ! ኣሽሓት ካብ ሞት ዘድሓነ ሞይቱ! እቲ ጅግና መድሕን ኣይሁዳውያን ዓለም ኣርኪቡዎ!! እናበላ ብዘዕዝንዝኣን ኣቃልሓ።

እዚ ከኣ ነቲ ንሱ ዝገበሮ ሰብኣውነትን ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ ኢሰብኣውነትን ደጊምካ ከምዝረኣን ከም ዝምርመርን ገበሮ። ኣበርክቶኡ ዚያዳ እናተፈልጠ ወጽዓኡ እናተገልጸ መጽኡ። ዓመት መጸኣ፡ ኣብ ዕለተ ሞቱ እዚ ተደጋገመ። መንግስቲ ጃፓንን ጃፓናውያንን፡ በቲ ንሱ ዝገበሮ ርህራሀን ሕያውነትን ክኾርዑ እንከለው፡ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ በደል ግን ሓፈሩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ንልቢ ስድራ-ቤቱን ኩሉ ሰማዒን ተዓዚቢን ዝድነቅሉ ዕርቂ ሂቡ ቂም ዘርሕቐ፡ ነቲ በዚ ምኽንያት ኣብ ልዕሊኡ ንነዊሕ ዓመታት ዝተገብረ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ኣፍልጦ ዝሁብ - ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን - ኣብ 1991 ንስድራ-ቤቱ ወግዓዊ ይቕሬታ ሓተተ። መንግስቲ ጃፓን እውን - ኣብ 10 መስከረም 2000 ንዝገበሮ ኣበርክቶ ወግዓዊ ኣፍልጦ ብምሃብ - ናይ ክብሪ ሽልማት ሸለሞ።

Sources Chiune Sugihara’s visas




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ኮመዲ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ውድድር ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ቴክ ኢንሳይት |
| 14:55 | ፊልም ቻይና |
| 15:40 | ፓኖራማ |
| 16:15 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ካብ ሰሙዓት |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:20 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፌ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም መስተንክር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ክረምታዊ ዕረፍቲ ተመሃሮ - ፍልጠት ንምውሳኽ. . . .!

*ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ትምህርቲ ዝርከቡ ተመሃሮ፡ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ስሩዕ ትምህርቲ ክከታተሉ ድሕሪ ምጽናሖም ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ከም ዘዕርፉ ይፍለጥ፡፡ኣብ ንጡፍ ኣካዳምያዊ ንጥፈት ዝጸንሐ ኣእምሮኦም ድማ፡ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ንኽዘ ዕድል ይረክቡ፡፡ ከምቲ ኣካላት ደቂ-ሰብ ንኽዓብን ንኽድልድልን እተመጣጠነ መግቢ፡ ማይን ካልእ ማሰረታውያን ቀረባትን ዘድልዮ፡ ኣእምሮ’ውን ዝያዳ ኣድማዕን ንጡፍን ንኽኸውን እኹል ዕረፍትን ምዝናይን ክረክብ ኣለዎ፡፡ ስለዚ፡ ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ስሩዕ ኣመጋግባ፡ እኹል ድቃስን ግቡእ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ክዘውትሩ ይግባእ፡፡ ብኣውራኡ ድማ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ምሉእ ብምሉእ ንኸይርሕቁ ወለዲ ከይሰልከዩ ክከታተልዎም ሓላፍነት ኣለዎም፡፡*

*ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ምሉእ ግዜኦም ኣብ ጸወታን ካልእ ንጥፈታትን ጥራይ ክሕልፍዎ ኣይግባእን፡፡ እቲ ምንታይ፡ ፍልጠት ንሓጺር እዋን ዘገልግል መሳርሒ ዘይኮነ፡ ብዘይ ምቁራጽ ክምዕብል፡ ክሰፍሕን ክዓምቕን ዘለዎ ኣገዳሲ ሰንቂ ስለዝኾነ፡፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ግደን ኣበርክቶን ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም ኣዝዩ ልዑል ኩይኑ፡ ዋላ’ውን ኣብ’ተን ወሰናት ኣዋርሕ ምሉእ-ብምሉእ ካብ መኣዲ ትምህርቲ መታን ከይርሕቁ ብቐጻሊ ክከታተልዎምን ክማእዝንዎምን ይግባእ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ተመሃሮ ኣደማዕኡ’ዎምን ፍልጠት ናይ ምቕሳም ድሌቶምን ንኽዕንቀልቀሉ፡ ብወገን ወለድን ተመሃሮን ክትግበሩ ወይ ክኽተልዎም ካብ ዘለዎም ሓገዝቲ ነጥብታት ዝዎም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይካኣል፦*

ቀዳማይ - ተመሃሮ ንኹሉ ንጥፈታቶም ዝማእከለ መደብ ክሰርዑ የድሊ፡፡ እዚ ኣገዳሲ ኣካይዳ ተመሃሮ መዓልታውን ሰሙናውን ንጥፈታቶም ብስሩዕ ንኸሰላስሉ ዝሕግዝ እዩ፡፡ ተመሃሮ ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንተላይ ኣብ እተፈላለየ ደረጃ ዕድመ ዝርከቡ ካልኦት ሰባት’ውን ብውጥን ዝዓዙ ምስ ዝኾኑ፡ ንኹሉ ዕማማቶም ኣብ ግዜኡ ንኽፍጽምዎ ዝሕግዝ እዩ፡፡ ክትፍጽሞ ንዝወጠንካ መደብት ኣብ ወረቐት ምስፋር ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን፡፡ ትሃኪትን ይጸንሓለይ ምባልን ኣወጊድካ ብጻዕሪ ምዕያይ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ባይታ ዘዕጉብን ዝሕጉስን ፍረ ይርከቡ፡፡ እምበኣርከስ፡ ተመሃሮ ቡቲ ዝዕችኦም ኣገባብ መደቦም ብምስራዕ፡ ኑቲ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ከይሰልከዩ ፍልጠት



ኣብ ምኽዕባት ክሕልፍዎ ይግባእ፡፡

ኩሉ ተመሃራይ ዕዉት ክኸውን’ዩ ዝደሊ፡፡ የግዳስ፡ ብሉጽ ንምኳን ድሌት ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን፡፡ ንኣብነት፡ ሓደ ተማሃራይ መዓልታውን ሰሙናውን መደባቱ ብግቡእ ሰሪዑ ከብቅዕ ብሰንኪ ትሃኪት፡ ምሕር ጸወታ ምፍታውን ካልእ ምኽንያትን ኣብ ትምህርቲ ኩሓምቕ ግድን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ንኹሉ ንጥፈታቱ ብግቡእ ብምምሕዳር ኣብ ግዜኡ ክዓይዮ እንተዘይክኢሉ፡ መደባት ኣብ ርእሲ-ርእሲ ተደራሪቡ ኣብ መወዳእታ ዓቕሉ ከጽብቦ ይኽእል፡፡ ብኣንጻሩ’ዚ፡ ተማሃራይ ንኹሉ ዝሓንጸጾ መደባት ኣብ እዋኑ ዝፍጽሞ እንተኾይኑ፡ ብርግጽ ውጽኢት ናይቲ ዝሕለል ጻዕሩ ጽቡቕ ፍረ ክሓፍስ ግድን እዩ፡፡ ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃም፡ ብዘይካ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ኣብ ካልእ ንጥፈታት’ውን ምትእትታዉ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ግዜ ሓንሳብ እንተሓሊፉ ካልኣይ ዘይምለሰን ዘይደግመን ወህቡቶ ስለዝኾነ፡፡ ስለ’ዚ፡ ተመሃሮ ንሎሚ ሸለል ብምባል ‘ጽባሕ ክሰርሕ ኢና’ እንተኢሎም፡ ክዕወቱ ዘሎ ተኽእሎ ምሕር ጸቢብ እዩ፡፡

ካልኣይ - ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምቲ ንዝቐጽል ደረጃ ትምህርቲ ዝሕግዞም ተወሳኺ ትምህርቲ ክከታተሉ ይግባእ፡፡ ደቂ-ሰብ ብተፈጥሮና ዘይንፈልጦ ክንፈልጥ ናይ ምድላይ ክቱር ድሌት ወይ ባህጊ ኣሎና፡፡ በዚ መንጽር፡ ተመሃሮ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዘይፈልጥዎ ንኽፈልጡን ፍልጠቶም ንኽሰፍሑን ተወሳኺ ምህሮ ክከታተሉ ይግባእ፡፡ ከመይሲ፡ ብዘይካ’ቲ ኣብ ዝቐጽል ደረጃ ትምህርቶም ዝህልዎ ኣበርክቶ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይርሕቑ’ውን ሓጋዚ ስለዝኾነ፡፡ ብዘይካ’ዚ፡ ተመሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከይረሓቑ ምስ ዝጸንሑ፥ ኑቲ ዝቐጽል ደረጃ ትምህርቲ ከይሰልከዩ ክጅምርዎ ኣይጽገሙን እዮም፡፡

ሳልሳይ - ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምቲ ልምዲ ንባብ ከማዕብሉ ኣለዎም፡፡ ተመሃሮ ድሕሪ ምዕጻው ትምህርቲ፡ ንዝሒ እዋን ዝቐጽል ናጻ ሰዓታት ኣለዎም፡፡ ኑቲ ትርፊ ግዜኦም ኣብ ዘይጠቅም ንጥፈት ንኸየጥፍእዎ ክጥንቀቑ ይግባእ፡፡ ንኣብነት፡ ተመሃሮ ኣብ ንእሱ ዕድሚኦም ልምዲ ንባብ ከጥርዩ እንተኽኢሎም፡ ብዙሕ ፍልጠት ክኣዕብዑ ኣይጽገሙን እዮም፡፡ የግዳስ፡ ኣብዚ እዋን ብዙሓት ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ልምዲ ንባብ ንምጥራይ ዝጓየዩ፡ ኣብ ካልእ ዘየድልን ዘይጠቅምን ንጥፈት ክጽመዱ ይረኣዩ እዮም፡፡ ንኣብነት፡ ሞባይል፡ ታፕለትን ካልእ ኤለትሮኒካዊ መሳርሒታትን ብዘይገደብ ኣብ ምጥቃም ተጸሚዶም ምርኣይ ልሙድ ኩይኑ ኣሎ፡፡ እንተኾነ፡ እቲ ልምድታት ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ምሕር ይዓዝዝ፡፡ እቲ ብምርምርን መጽናዕትን ክዓብን ክሰፍሕን ዝግበኦ ኣእምሮ ተመሃሮ፡ ኣብ ወልፊን ዘይጠቅም ተግባራትን ክጽመድ እንከሎ፡ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ተመሃሮ ክዙን ዓቕሞምን ግዜኦምን ኣብ ከንቱ ንጥፈት መታን ከይጠፍኡ፡ ኣብ ዘድምዕሉን ዘርብሖምን መዳይ ክተኩሩ ይግባእ፡፡

ራብዓይ - ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ወለዲ ዝያዳ ካልእ እዋን ኣብ ልዕሊ ደቆም ግቡእ ምክትታል ክካይዱ ኣለዎም፡፡ ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ወለድን ተመሃሮን ግዜኦም ብሓደ ክሕልፍዎ ዝዕድም ምቹእ እዋን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ወለዲ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ንቦታ መምህራን ተኪኦም፡ ዝያዳ ሓላፍነት ክስከሙ ይግባእ፡፡ ከይሰልከዩ ንደቆም መደባት ክሰርዑሎምን ዕዮታት ኩዓልውሎምን ኣለዎም፡፡ ብፍላይ ውሽጣዊ ብቕዓቶም ንኸዕብዩ ክሕግዝዎም ይግባእ፡፡ ከም’ኡ’ውን ኣብቲ ትሑት ውጽኢት ዘርኣዩሉ ዓውደ-ትምህርቲ ከይተሓለሉ ክሕግዝዎም ኣለዎም፡፡


ወለዲ ቁጠባዊ ዓቕሞም ብዘፈቕዶ መንገዲ፡ ከይተሓለሉ ኣብ ደቆም ወፍሪ ክካይዱ ይግባእ፡፡ ሎሚ ዝጉብርዎ ወጻኢታት፡ ኣብ መጻኢ ዘሕጉስ ፍረ ከም ዝሕፈሶ ኣሚኖም ውትሩ ክጽዕቱ ይምከሩ፡፡ ከም’ቲ ካልእ ዘድልዮም መሰረታዊ ጠለባት ንኸቕርብሎም ብዙሕ ዝጽዕሩ፡ ፍልጠት ዘስፍሕሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ’ውን ምሉእ ሓላፍነት ከም ዘለዎም ክየገዝበ ይግባእ፡፡

እንተዘይኮይኑ ግን፡ ብሰንኪ ናታቶም ድኽመት፡ ደቆም ጽባሕ ኣብ ሕማቕ ደረጃ ምውዳቖም ዘይተረፍ እዩ፡፡

ሓሙሻይ - ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክዘውትሩ ይግባእ፡፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምሉእ ጥዕናን ኣካላዊ ብቕዓትን ክህልወካ ዝሕግዝ እዩ፡፡ ከምኡ ድማ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንጥዕና ኣእምሮን ኣካላትን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ፡፡ ብኣውራኡ ከኣ ድሕሪ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክተጽንዕን ክተንብበን ዝዕድም እዩ፡፡ ብዘይካ’ዚ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንኽተማዕብል’ውን ይሕግዝ፡፡

ሻዱሻይ - ተመሃሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ብእኩብ ሓቢሮም ክጸንዑ ኣለዎም፡፡ ተመሃሮ ምስ መዛኑኦም ሓቢሮም ዘጽንዕሉ ባይታ ክህልዎም ይግባእ፡፡ ብሓባር ምጽናዕ ኣዝዩ ብዙሕ እወታዊ ረቛሒታት ኣለዎ፡፡ ንኣብነት፡ ዘይትፈልጦ ብዕምቈት ንኽትፈልጦ ይሕግዘ፡፡ ናይ ምብህሃል ክእለትካ ንኽዕቢ’ውን ልዑል ተራ ኣለዎ፡፡ ከምኡ’ውን፡ ኣብ መንነ መዛኑ ናይ ምውድዳር መንፈስ የበርኽ፡፡ እንተኾነ፡ ኣብዚ ክዘንጋዕ ዘይብሉ ሓደ ነጥቢ ኣሎ፡፡ “ቈልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሕሱ” ዝብል - ንምኽሳኩሰን ምእላይን ቈልዑ ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ዝገልጽ ኣበሃህላዊ ምስላ ዘሎ፡ ተመሃሮ ሰናይ ዝበለ ልምዲ ንኸማዕብሉን ንኽወርሱን ብፍላይ ወለዲ ሓላፍነቶም ክዘንግዑ የብሎምን፡፡ ምሕብሓብ ናይ ሓደ ዜጋ ንወለዲ ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮኑ፡ መላእ ሕብረተሰብ’ውን ሓላፍነቱ ክዋጻእ ይግባእ፡፡ ስለዚ፡ ሕብረተሰብ ብቑዓትን ብቑዓት ዜጋታት ንምፍራይ፡ ዝዓም ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ብሓባር ክኣሊ፡ ከማእዝንን ክእርምን ኣለዎ፡፡

ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዕድመ ዝርከቡ ተመሃሮ ድማ፡ ኣብ ምምራጽ መዋዕልቶም ክጥንቀቑ ይግባእ፡፡ ዋላ’ኳ ምሉእ ብምሉእ እንተዘይኮኑ፡ ዓርክኻ ወይ መዋዕልትኻ ነጸብራቕ ውሽጣዊ ምስልኻ’ዩ፡፡ መዛኖኻ ዝኣድ ስነምግባር እንተሃልዩዎ፡ ባህርኻ’ውን ብተመሳሳሊ ብሉጽ ክኸውን ይኽእል፡፡ ብኣንጻሩ’ዚ፡ ሕማቕ ባህርን ልምድን ምስ ዘውንኡ መዛኑ ትውዕል እንተኺንካ፡ ነጸብራቕ ምስልኻ ካብኦቶም ዘይፍለ እዩ ዝኸውን፡፡ ስለዚ፡ ተመሃሮ ኣብዚ ሓጺር ናይ ዕረፍቲ ግዜ ብዘይ ምስትውዓል ዝጀመርዎ ሕማቕ ልምድታት፡ ምስ



ንሱ ድማ፡ እቲ ውድድር ኣብ መንነ እቶም ምሳኻ ዘጽንዑ ብጾትካ ጥራይ ዝተሓጽረ እንተ ኾይኑ፡ እቲ መዐየሪ ደረት ፍልጠትካ ብናታቶም ስለዝድረት፡ ዋላ’ውን ብዙሕ ክእለት እናሃለወካ ንወሰናት መማህርትኻ ጥራይ ጸብለል ብምባል፡ ኣብ ሓደ ዓንኬል ኮለል ንኸይትብል ክትጥንቀቕ ይግባእ፡፡ እቲ ምንታይ፡ እቲ ዝበለጸ ውድድር ምስ ገዛእ-ርእስኻ እተካይዶ ግጥም ስለዝኾነ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ጎድኒ-ጎድኒ’ቲ ምስ መዛኑኻ እትሰርዖ ናይ መጽናዕቲ መደብ፡ ናይ ብሕትኻ ግዜ ብምፍላይ ካብ መኣዲ ፍልጠት ከይረሓቕካ ክተሕልፎ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ተመሃሮ ብዘይካ ኣብ ምንባብ ኣብ ንጥፈታት ምግራብን ካልእ እወታዊ ውጽኢት ዘሕፍሶ ዕማማትን ክሳተፉ የድሊ፡፡ እዞም ንጥፈታት እዚኦቶም፡ ኣብ’ቶም ተመሃሮ ብዙሕ ጥቕምታት’ዩ ዘለዎም፡፡ ሓደ ካብኡ፡ እቶም ተመሃሮ ግዜኦም ኣብ ሰናይ ነገር ክሕልፍዎ ስለዝድርኾም፡ ኩሉ ግዜ ሕጉሳትን ዕጉባትን እዮም ዝኾኑ፡፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ንእሰ ዕድሚኦም ጽቡቕ ልምዲ ንኸጥርዩ ይሕግዞም፡፡ ከምቲ ግዜ ናብ ወልፊ ተሰጊሩ ጥዕናኦውን ማሕበራውን ሃሲያ ከስዕቡሎም ይኽእል፡፡ እምበኣርከስ፡ ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ዝጀመሩዎ ዘየድሊ ልምድታት፡ መጻኢኦም ከየደብዝዘ ሕልፈ ካልእ እዋን ልዑል ናብዮትን ጥንቃቐን የድልዮም፡፡

ተመሃሮ፡ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ከጽንዑ፡ ከንብቡን ኣብ ካልእ ሰናይ ተግባራት ክሳተፉን ከም ዝግበኦም ዘከራኽር ኣይኮነን፡፡ የግዳስ፡ ኣእምሮን ኣካላትን ደቂ-ሰብ ክዙ ስለዘለዎ፡ ኣብ’ቲ ዘዕርፍሉ ኣዋርሕ ምስ መዛኑኦም ሓቢሮም ብምጽዋትን ብምዝንጋዕን ዘይሃስስ ተዘክሮታት ክሕልፉ’ውን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝዕቡ ተመሃሮ፡ ኣብ ሕርሻውን ዘቤታውን ንጥፈታት ነዊሕ ሰዓታት ስለዝጽመዱ፡ ከዕርፍሉን ከንበቡሉን ዝዋቦኦም ግዜ ኣብ ብዙሕ ሃልኪ ዘለዎ ስራሕ ክሕልፉዎ ይግደዱ፡፡ ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ገጠራት ሃገርና፡ ምስ’ቲ ዘሎ ሕርሻዊ ንጥፈታት ምትዕብባር ስድራ-ቤታት ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ግና’ኸ፡ ወለዲ ተመሃሮ ደቆም ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ንኸዕርፉን ከንብቡን ብዝተኻእለ መጠን ክሕግዝዎም ይግባእ፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰዊት ኣብርሃ ኪዳኑ ኣዴና ግደይ ዑቕባሚካኤል ኮኾብ ስለዝዋረረቶ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ጥራይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ ኤረት ኩባንያ ኩዕታ ሓዚብ ማሕበር፡ ተኸሳሲ ትካል ቻይና ኣፍሪቃ ሀውካን ኩባንያ ወፍሪ ንዳኻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

በረኸት ሰመረኣብ ገብረሚካኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ሃብቶ መሓሪ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብረሀት ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ኣርኣያ፡ ንምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣንጀሊና ተኽስተ ደባኡ ኣደይ መብራት ጊላዝጊ ኣርኣያ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ገብርኤላ ጸጋዩ ተስፋዝጊ፡ ስም ኣደይ ኣመተ ዑቑባጼን ምባል ተሪፉ፡ ኣቮሊል ዑቑባጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ኣልጋሽ ዝግታ ኣስፍሃ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ኣብርሃ ተመልሶ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ የማነ ጴጋይ፡ ወኪል ዘውዲ ዑቕቢ፡ ተኸሳሲ ሓየሎም የማነ ናይ ምቅሊት ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲ ኣቶ ሙሉጌታ ተስፋማርያም ተስፋልደት፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳራ ሃብተ ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሳባ ኣማኑኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ገብረሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ን/ዞባ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ከስተ የዕብዮ ተሬረ ከምኡ'ውን ከስተ ገብረሚካኤል የዕብዮ ምባል ተሪፉ፡ ከስተ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ደሰታ ቀለታ፡ ብዓል ቤተይ ከራር ኣደም መሓመድ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተ ኣብርሃ መሓሪ፡ ኣቦና ኣብርሃ መሓሪ ወልዳይ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ለላ ሓሰን መሓመድ +7 ኣብ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና 194-8 ዚፕ ኮድ 1A194 ፕሎት 44R ፓርሰል H ቁጽሪ 10 ስፍሓት 102.50 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1:000877/2 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምዃንና ንሕብር።

ሱሌማን ኣሕመድ ዓብደላ

---





**ROBEL COMPUTER TECHNOLOGIES TRAINING CENTER**

ንጀመርቲ፡ ንማእከሎት፡ ንላዕለዎት ዝዓለመ ት

- BASIC COMPUTER APPLICATION (IT ESSENTIALS)
  - Introduction to windows operating system
  - Microsoft Office Suite (Word, Excel, Access, PowerPoint)
  - Introduction to Internet and Social Media
- WEB DESIGNING
- PYTHON
- COMPUTER NETWORKING
- ENGINNIERING GRAPHICS (CAD/CAM)
  - Solid Works
  - AutoCAD
  - Revit

ኣድራሻና፡ ህንጻ ኤርትሮ-ጀርመን ቁ. ስልኪ 121650/07287716/07596541
erisoftware@gmail.com robelcom@hotmail.com


---




### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!


---



### ምስጋና

ብሞት ክቡር ብዓል ቤተይ መጀር ምሕረትኣብ ተስፋዝጊ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቓበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወጻኢ ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ክብረት ይሃበልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣለም ተስፋማርያም
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ ቤትን

---




### ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዝዩ ዘፍቅራን ዘኽብራን ብዓልቲ ቤተይ ትርሓስ ካሕሳይ ሃይለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ሆስፒታልን ገዛን ዝበጻሕኩማን ምስ ተሰውአት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቓበርኩምናን ከምኡ'ውን ገዛና ተመላሊስኩም ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና ክብረት ይሃበልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብዓል ቤታ ሌ/ኮሎኔል እስቲፋኖስ ዘርኣይ (ኣስቴር)
ኩሎም ደቃን ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤትን

---



### ምስጋና


ብሞት ኣዚና እንፈትዎ ወድናን ሓውናን ፊልሞን ግርማይ ቀለታ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ፒንዛዮዊን ሞራላዊን ሓገዝ ዝገበርኩምልና፡ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና፡ ኣብ መቓብርካ ን/ዞባ ሰረጀቓ ዘቓበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ኣዲኡን ኣሕዋቱን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---


## ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH




ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ

ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ☑ ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ☑ ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ☑ ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ☑ ማትሪክ መሰል ሕቶታት

ንዝያዳ ሓበሬታ: 07121623- 07151337- 07377676

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ቢኒ ሕጂ'ውን ካልእ ታሪኽ ሰሪሑ




ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብልጆዮማዊት ክለብ ኢንተር ማርሼ ዋንቲ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ሓሙሻይ መድረኽ መበል 111 ቱር ዲ ፍራንስ ብዝኣከቦ ነጥቢ ወናኒ ቀጠልያ ማልያ ብምዃን ተወሳኺ ታሪኽ ሰሪሑ።

ወዲ 24 ዓመት ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ መበል 123 ኪሎሜተር ናይቲ ውድድር ኣብ ዝበረ ናይ ነጥቢ ቅጽቢታዊ ውድድር ሓሙሻይ ተርታ ብምሓዝ 11 ነጥቢ ክወስድ ከሎ፣ ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተገብረ ቅጽቢታዊ ውድድር ከኣ ታሽዓይ ደረጃ ብምውጻእ 8 ነጥቢ ኣኪቡ'ዩ ወናኒ ቀጠልያ ማልያ ክኸውን በቒዑ።

ብመሰረት ኣብ ሓሙሽተ መድረኻት ዝተኣከበ ነጥቢ፡ ቢንያም ብ102 ነጥቢ ኣብ ቅድሚት ክስራዕ ከሎ፡ ተቐዳዳማይ ኣመራጋዊት ክለብ ትሬክ ማድ ፔደርሰን ብ94 ነጥቢ ካልኣይ፣ ናይ ዴንማርካዊት ክለብ ተቐዳዳማይ ጆናስ ኣብርሃምሰን ከኣ ብ87 ነጥቢ ሳልሳይ ተርታ ሒዞም ኣለዉ። ቢንያም ኣብዚ 177.4 ኪሎሜተር ርሕቀት ዝሸፍን ዝበረ መድረኽ፡ ብዝምጉም ኣብ ሰዓት 69.7 ኪሎሜተር እናረገጸ'ዩ ውድድሩ ዛዚሙ።

ብሰኑይ 1 ሓምለ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ናይዚ ውድድር ብምዕዋት፡ ኣብ ናይ 111 ዓመታት ታሪኽ ቱር ዲ ፍራንስ ቅድሚ ሕጂ ተበጺሑ ዘይፈልጥ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ቢኒ፡ ትማሊ ወናኒ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ክኸውን ብምኽኣሉ'ውን ነዛ ማልያ ዝወደያ ናይ መጀመርያ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ተጸዊዑ ኣሎ።

ንሱ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ዕወት መድረኽን ወናኒ ናይ ነጥቢ ማልያን ክኸውን ብምኽኣሉ፡ ኣብዚ ውድድር ሓያል ብቕዓት ወኒኑ ይወዳደር ከም ዘሎ ዘመልክት ምኻኑ ተንተንቲ ናይዚ ዓውዲ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

ኤርትራ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ሎሚ ንኻልኣይ ግዜኣ እያ ናይ ክብሪ ማልያ እቲ ውድድር ትጭብጥ ዘላ። ኣብ 2015 ኣብ ፋልማይ ሰታፊኣ ብመንገዲ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት ናይ ዓቐብ ማልያ ዓቲራ ከም ዝበረት ኣይርሳዕን።

ኣብዚ ናይ ትማሊ መድረኽ፡ ብሰኑይ ንቢንያም "ብሉጽ ተቐዳዳማይ" ኩቡል ዝገለጸ እንግሊዛዊ ማርክ ካቨንዲሽ፡ ናይ መድረኽ ዓወት ብምምዝጋቡ ብ35 ናይ መድረኽ ዓወታት ቱር ዲ ፍራንስ ሓድሽ ክብረወሰን ሒዙ።

## ውድድር ኣትለቲክስ ሚኒስትሪ ምክልኻል ተዛዚሙ



ዓቃሚ ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ንምምዃም ክካየድ ዝቐየ ውድድር ትሪኣቕን ተግባር ሜዳን ዝሓለፈ ቀዳም ብውዕውዕ ስፖርታዊ መንፈስ ከም ዝተዛዘመ ካብ ኣሃዱን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝጸዓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ 100 ሜትር ቀዳመይቲ - ዘመን ተኸለሰንበት ካብ በሪር፡ ካልኣይቲ ሳምራ ብርሃ ካብ መኸተ፡ ሳልሰይቲ ኤልሳቤጥ ሃይለ ካብ ንስሪ ክዕወታ ከለዋ፣ ኣብ ናይ 200 ሜትር ውድድር ግን ኣትሌታት በሪር እየን ጸብለል ክበላ ተራእየን። ቅሳነት ንብረልዑል፡ ሊድያ ንብረሚካኤልን ሚካል መልኣከን ኣብዚ ርሕቀት ዝተዓወታ ኣትሌታት ክለብ በሪር እየን።

ዓወት ኣትሌትታ በሪር ኣብ ናይ 200 ሜትር ጥራይ ኣይተሓጸረን። ኣብ 400 ሜትር'ውን እንተኾነ ቅሳነት ንብረልዑል፡ ሊድያ ንብረሚካኤልን ልዋም ኣንገሶምን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምእታው ንክለበን ጸብለል ኣቢለንኦ እየን።

ኣብ ናይ 800 ሜትር ውድድር፣ ህዞብዊት ሰሎሙን ካብ ሓረና፡ ልዋም ጸጋዩ ካብ ዓምበርበብ፡ ልዋም ኣንገሶም ካብ በሪር ብተኸታታሊ ተሸለምቲ ወርቂ፡ ብሩርን ነሓስን መዳልያታት ክኾና ከለዋ፣ ኣብ 1,500 ሜትር ከኣ ልዋም ጸጋዩ ካብ ዓምበርበብ ወርቂ፡ ናይ ሳዋ ሰቲት ማእከል ብሩር፡ ናይ በሪር ፋጥና ኣሕመድ ከኣ ነሓስ መዳልያ ወሲደን።

ኣብ ውድድር 5 ሽሕ ሜትር ሰቲት ማእከል ካብ ሳዋ ቀዳመይቲ፡ መዘት ተስፋይ ካብ ዓምበርበብ ካልኣይቲ፡ ትርሓስ ሚካኤል ካብ መኸተ ሳልሰይቲ ክወጻ ከለዋ፣ ኣብ 10 ሽሕ ሜትር ድማ ፍዮሪ ብርሃ ካብ በሪር ቀዳመይቲ፡ ትርሓስ ሚካኤል ካብ መኸተ ካልኣይቲ፡ መዘት ተስፋይ ካብ ዓምበርበብ ከኣ ሳልሰይቲ ከም ዝወጻ እቲ ዝጸሓፍ ሓበሬታ የረድእ።

ኣብ ውድድር ዳርባ ጭማራ፣ ናይ ብድሆ ጸገ ባህታ'ያ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ኮይና። መዋእል ዓንደብርሃን ናይ ሳዋ ብሩር ክትወስድ ከላ ናይ በሪር ዘመን ተኸለሰንበት ከኣ ነሓስ መዳልያ ተሸሊማ። ኣብ ዳርባ ዓረር ከኣ ሸዊት ኣማኑ ካብ ብድሆ፡ ዘመን ተኸለሰንበት ካብ በሪር፡ ተርታ ተኸለሰንበት ካብ በሪር ብቕደም ተኸተል ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ክስርዓ ከለዋ፣ ኣብ ዳርባ ዲስክስ ከኣ ፍረወይኒ ክብሮም ብድሆ፡ ተርታ ተኸለሰንበት በሪር፡ ኤደን ጸጋይ ብድሆ እየን ዕወታት ኮይነን ኣብ ፖድየም ደይበን።

ኣብ ልዕለት ዝላ፣ ወይኒ ንብረማስቀልን ቤትኤል ገብሸን ካብ በሪር ተሸለምቲ ወርቅን ብሩርን መዳልያታት ክኾና ከለዋ፣ ሳምራ ብርሃ ናይ መኸተ ድማ ነሓስ መዳልያ ወሲዳ። ኣብ መሬት ዝላ ብድሆ ካብ ኤደን ጸጋይ ወርቂ መዳልያ ክትወስድ ከላ፣ በሪር ከኣ ካብ ኣስቴር ኪዳነ ብሩር መዳልያ ረኺባ። መኸተ'ውን ካብታ ሳልሳይ ተርታ ዝሓዘት ሳምራ ብርሃ ነሓስ መዳልያ ረኺባ እያ።

ዕወታት ዝተዓወታ ሽልማት ካብ ኣድ ሓላፊ ምኽትታል ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚቴን ፓራ ኦሎምፒክን ሃገራዊ ፌደረሽናትን ኮሎኔል ሰለሙን ስዩም ከምኡ'ውን ካብ ካልኦት ሓለፍቲ ተቐቢለን።

## ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ን25 ኣሰልጠንቲ ስልጠና ሂቡ



ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ምስ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ብምውህሃድ ንኣርባዕተ መዓልታት ክህቦ ዝቐየ ስልጠና ናይ ኣሰልጠንቲ ከም ዝዛዘመ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ኣፍሊጡ።

እዚ ብኢጣልያዊ ክኢላ ስልጠና ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ንውድድር ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024 ሲኞር ማሲሞ ማኛኒ ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ንዘርከበኦም 25 ኣሰልጠንቲ እዩ ተዋሂቡ። ዕላማ ናይ'ቲ መደብ ደረጃ ብቕዓት ኣሰልጠንቲ ናብቲ ውድድራት ኣትሌቲክስ ኣብዚ እዋን'ዚ በጺሕዎ ዘሎ ስኑፍልጡታዊ ኣሰራሓ ንምብራኽን ተራ ሰልጠንቲ ኣብ ዓለምለኻዊ ውድድራት ንዝበለጸ ወጽኢት ንምዕባይን ምዃኑ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ። ኣብቲ ዝተዋህበ ክልሰ ሓሳባዊ ስልጠና

- ምድላው ናይ ነዊሕን ሓጺርን ርሕቀት ውድድራት
- ምልላይ ተወህቦ ዘለዎም ህጻናትን ተካእቲ ኣትሌታትን
- ክልሰ-ሓሳባዊ ስልጠና ናብ ተግባር ምቕያርን ኣብ ዝበሉ ኣርእስቲ ዝያዳ ኣተኩሩ'ዩ ተዋሂቡ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዝተረኽቡሉ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ዝተረኽበ ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓላፊ ምኽትታል ንጥፈታት ኮሚቴ ኦሎምፒክ፡ ፓራ ኦሎምፒክን ሃገራውያን ፌደረሽናት ስፖርትን ኮሎኔል ሰለሙን ስዩም ንሰልጠንቲ ዝተዓደለ ወረቐት ምስክር ድሕሪ ምዕዳሉ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ኩሉ ዝግበር ጻዕሪ ብስነ-ፍልጠት ምስ ዘይድገፍ ወጽኢታውነቱ ከም ዝጎድል ድሕሪ ምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ነቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ኣብ ባይታ ዝያዳ ብምምዕባል ኣብቲ ዓውዲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ብዝለዓለ ክዋስኡ ተላቢዩ።

ካብ ሰልጠንቲ ቃልኣብ ሰለሙንን ኤደን ተኸለን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ስልጠና ብሓፈሻ ኣብ ስርሖም ዕዙዝ ተራ ከም ዝህልዎን ብፍላይ ድማ ኣብቲ ዓለም በጺሓቶ ዘላ እዋናዊ ናይ ስልጠና መስርሕ ጽቡቕ ምልላይ ፈጢሩሎም ከም ዘሎ ገሊጾም። ንዝተፈጠረሎም ዕድል ድሕሪ ምምስጋን ድማ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ነቲ ስልጠና ዝሃበ ኢጣልያዊ ክኢላ ስልጠና ኣትሌቲክስ ሲኞር ማሲሞ ሞኛኒ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይቲ ደረጃ ብቕዓት ኣትሌቲክስ ሃገርና ንምዕባይ ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራን ዝተፈላለዩ ኣካላት ስፖርትን ብሓባር ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ምስቲ ዝጸንሖም ፍልጠት ኣወሃሂዶም ኣብ ስርሖም ኣድማዕቲ ክኾኑ ትጽቢት ከም ዝገበረሎም ኣረዲኡ። ሲኞር ማሲሞ ብዘይካ'ዚ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣብዚ ወርሒ ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝካየድ ውድድር ኦሎምፒክ ዓወት ክትጎናጸፍ ሰናይ ምኞቱ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካብ 21-26 ሰነ 2024 ኣብ ካሜሩን ክካየድ ኣብ ዝቐየ ሻምፕዮን ውድድር ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ 2024 ክትሳተፍ ዝቐየት ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ብ29 ሰነ 2024 ምሸት ናብ ሃገራ ተመሊሳ። እታ ሃገራዊት ጋንታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ሓለፍቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ንኹሎም ኣባላታ ምውዒ ኣቀባብላ ገይሮምላ።

## ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ፡ ስልጠና ዳንነት ንኢንተርናሽናል ፌደራልን ደያኑ ሂቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ብምትሕብባር፡ ካብ 25 ክሳብ 29 ሰነ 2024 ንኢንተርናሽናል ፌደራልን ደያኑ ስልጠና ከም ዝሃበ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓቢሩ።

እቲ ብዮዩበርን ክልሰ ሓሳብን ዝተዋሃበ ስልጠና፡ ካብ ሽድሽተኦን ዞባታት ንዝመጹ ሰለስተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 30 ኢንተርናሽናልን ፌድራልን ደያኑ እዩ ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ብኽልተ ካብ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ዝተመዘዙ ክኢላታት ዓውዲ ዳንነት ማለት ሶማላዊ ዳይረክተር ክፍሊ ዳንነት ሲካፍ ዓሊ ኣሕመድን ተወላዲ ጂቡቲ ክኢላ ኣካላዊ ብቕዓት ኢንስትራክተር መሓመድ ሐሴንን ዝተመርሐ ስልጠና፡ ንመገምገሚ እቲ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝካየድ 'መርመራ ብቕዓት ደያኑ' ምንባሩ'ዩ እቲ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ደያኑ ብዓቢ ተገዳስነት ከም ዝተኸታተልዎ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ተረኺቡ መልእኽቲ ዘመሓላለፈ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ደያኑ ካብዚ ዝቐሰምዎ ስልጠና ብምብጋስ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ሞያውነት ክሽዱ፡ ኣብ ውሽጣዊ ውድድራት ብተግባር ክሰርሕሉን ናብ ካልኦት ደያኑ ከሕልፍዎን ተላብዩ።

ኢንስትራክተር ፊፋን ካፍን ሚስተር መሓመድ ሐሴን ንዝተገበረሎም ጽቡቕ ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኤርትራውያን ደያኑ ካብዚ ሒዞሞ ዘለዉ ዓቕሚ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክድይቡን ምስቲ ኣብ ካፍን ፊፋን ዘሎ ደረጃታት ተወዳዲሮም ብቕዕቶም ከማሓሽሩን ተላብዩ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም ንኣገዳስነት ናይቲ ዝተዳለወሎም ስልጠና ብምብራህ፡ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎን ናብ ካልኦት ዕድል ዘይረኸቡ ደያኑ ከሕልፍዎን ምዃኖም ቃል ኣትዮም።

እቲ ስልጠና ሕዱስ ሕግታትን ቅጥዕታትን ኩዕሶ እግሪ ብደረጃ ዓለም፡ ዘመናዊ ኣገባብ ዳንነት ኩዕሶ እግሪ፡ መገምገሚ ብቕዓት ደያኑ፡ ሓደስቲ ምዕባለታት ዳንነት፡ ምሕደራ ኣብ ዳንነት፡ ኣገባብት ኣፈታትሓ ዝኸሰቱ ሽግራት ኣብ ዳንነትን ካልእን ኣብ ዝበሉ ኣርእስትታት ዘተኮረ እዩ ነይሩ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ህንዲ - ብጽቕጥቅጥ 121 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሃትራስ ሰሜናዊ ክፋል ህንዲ፡ ኣብ ሓደ ሃይማኖታዊ ጽምብል ብዘተኸስተ ጽቕጥቕጥ፡ ብውሕዱ 121 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ካልኦት ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ ሰባት'ውን ተሃስዮም ከምዝለዉ፡ ዝጠቐሱ ሰብመዚ ጥዕና ህንዲ፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል ስግኣቶም ይገልጹ።

ፖሊስ ህንዲ፡ ኣብ'ቲ ካብ ከተማ ኒው-ደልሂ 200 ኪ.ሜ ርሒቓ ኣብ ትርከብ ክፍሊ-ሃገር 'ኡታር ፕራደሽ' ዝተኻየደ ሃይማኖታዊ ጽምብል ንምስታፍ፡ ን80 ሽሕ ሰባት ፍቓድ ከምዝሃበ ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ልዕሊ 250 ሽሕ ሰባት ብምስታፎም፡ እቲ ጽቕጥቕጥ ክኽሰት ከምዝኸኣለ - ፖሊስ ህንዲ ብዘወሃቦ የረድእ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንድራ ሞዲ፡ በቲ ሓደጋ ኣዝዩ ከምዝጐሃዩ ብምግላጽ፡ ንስድራ ምውታት ንነፍሲ-ወከፎም ናይ 2400 ዶላር ካሕሳ ክወሃብ፡ ቁሱላት እውን - 600 ዶላር ሓገዝ ክግበረሎም ኣዚዙ ኣሎ።

ኣብ ህንዲ፡ ኣብ ጸቢብ ቦታታት ዝቖጻ ሃይማኖታዊ ጽምብላት ዝኽሰት ጽቕጥቅጥ፡ ዓመታዊ ሂወት ብዙሓት ሰባት ከምዝልክም እዩ ዝሕበር።



## ማሊ - ዕጡቓት ብውሕዱ 40 ሰላማውያን ሰባት ቀቲሎም



ኣብ ጂጉብምቦ - ማሊ፡ ዛጊት መንነቶም ዘይተፈልጡ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ብውሕዱ 40 ሰላማውያን ሰባት ከምዝቐተሉ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እዚ ትማሊ ረቡዕ ዘጋጠመ መጥቃዕቲ፡ ምስ ግብረ-ሽበራውያን ጉጅለታት ኣልቃዒዳን ዳዕሽን ምትሕሓዝ ብዘለዎም ጉጅለታት ዝተፈጸመ ክኸውን ከምዝኽእል ግን - ግምታት ኣሎ።

ኣብ ማሊ ብዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ ሽበራዊ መጥቃዕትታት፡ ዓመታዊ - ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱን፡ ካልኦት ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ካብ ቤት-ንብረቶም ከምዝመዛበሉን እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ንዝርአ ሽበራዊ ምንቅስቓስ ንምግታእ ተባሂሉ - ክግበር ዝጸንሐ ግዳማዊ ምትእትታዋት፡ ዝኾነ ይኹን ኣበርክቶ ከምዘይገበረ እየም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።

ካብ 2012 ኣትሒዙ ኣብ'ቲ ንኒጀርን ቡርኪናፋሶን ማሊን ዝዳውብ ከባቢታት፡ ምንቅስቓስ ግብረ-ሽበራውያን ጉጅለታት እናበኣሰ ይመጽእ ከምዘሎ እውን ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ኣመሪካ፡ ዋጋ 2.3 ቢልዮን ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ክትሰድድ እያ



ኣመሪካ ንዩክሬን፡ ተወሳኺ ናይ 2.3 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ደገፍ ከምእትገብረላ ጸሓፊ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣመሪካ ሎዩድ ኣውስቲን ሓቢሩ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ሎዩድ ኣውስቲን ዝሓለፈ ሰሉስ ምስ ዩክሬናዊ መዘናኡ ሩስቶም ዑመሮቭ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን ድሕሪ ዘካየድዎ ዝርርብ እዩ።

እዚ ናብ ዩክሬን ዝለኣኽ ዘመናዊ ኣጽዋር፡ ዓይነቱ ዛጊት ብንጹር ከምዘይተፈልጠ ዝገለጹ ጸብጻባት፡ ጸረ-ሰብኣልቦ ነፈርቲን ጸረ-ታንክታትን ግን ከምዝርከቦ የረድኡ ።

ኣመሪካ ናብ ዩክሬን እተውሕዞ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ንሩስያ ወተሃደራዊ ዒላማታት ካብ ምውቃዕ ከምዝይክልክላ እዩ - ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቫሲሊ ነበንዝያ ዘገንዘቡ።

ካብ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ናብ ዩክሬን ዝግበር ዘሎ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ንኩናት ዩክሬን ካልእ ኣንፈት የትሕዞ ከምዘሎ እያ ሩስያ እተጠንቅቕ።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ጥራይ፡ ሃገራት ምዕራብ ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንዩክሬን ከምዝሃብኦ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ግብጺ፡ ኣብ 6 ኣዋርሕ - ካብ በጻሕቲ 6.6 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ረኺባ



ግብጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ መንፈቕ ካብ ጽላት ቱሪዝም፡ ኣስታት 6.6 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ከምዝረኸበት ሚኒስትሪ ንግዲ እታ ሃገር ገሊጹ።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጥራይ፡ ናብ ግብጺ ኣስታት 7.1 ሚልዮን በጻሕቲ ከምዝኣተዉ እዩ - እቲ ሚኒስትሪ ብዘወሃቦ ዝሕበር።

ግብጺ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት - ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ ሰነ፡ ካብ ጽላት ቱሪዝም ኣስታት 6.3 ቢልዮን ዶላር እታው ከምዝረኸበት፡ ኣብ ምሉእ ዓመት ድማ - ኣስታት 14.9 ሚልዮን ወጻእተኛታት በጻሕቲ ከምእተቐበለት፡ ጸብጻባት ካብ'ታ ሃገር ይጠቕሱ።

እታ ሃገር ኣብ 2028፡ ቍጽሪ በጻሕቲ ናብ 30 ሚልዮን ክብ ከምእተብሎ እያ እትገልጽ።

ግብጺ ካብ ጽላት ቱሪዝም እትረኽቦ ኣታዊ፡ ንልዕሊ 12 ሚእታዊት ካብ ጃምላ ሃገራዊ እቶታ ከምዝሽፍን ይሕበር።

## "ኣኻውሕ በረድ ኣላስካ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ክመክኩ እዮም" ሓድሽ መጽናዕቲ

ኣብ ክፍሊ-ሃገር ኣላስካ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከቡ ኣኻውሕ በረድ፡ ልዕሊ ትጽቢት ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ዓመታት ምሉእ ብምሉእ ክመክኩ ከምዝኽእሉ ኣብ ብሪጣንያ ዝተገብረ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣገንዚቡ።

እዚ ብሰንኪ ዓለማዊ ዋዒ እናመኸኸ ዝመጽእ ዘሎ ኣኻውሕ በረድ፡ ድሕሪ 2010 ጥራይ ሰፊሕ ክፋሉ ሓቒቑ ናብ ማይ ከምእተቐየረ - እቲ መጽናዕቲ የረድእ።

ምምካኽ ናይ'ዞም ዓበይቲ ኣኻውሕ፡ ንጽፍሒ ባሕሪ ዓለምና ክብ ከምዝብሎ ዝጠቐሱ ክኢላታት ኣከባቢ፡ ንምክልኻሉ ዕቱብ ስጉምቲ ክውሰድ ይጽውዑ።

ብመሰረት መጽናዕቲ ናይ'ዞም ክኢላታት ኣከባቢ፡ ሰፍሓት ናይ'ቶም ብበረድ ዝተሸፈኑ ክፋላት ዓለምና - ካብ 2010 ክሳብ 2020 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራይ ብክልተ ዕጽፊ ጎዲሉ ኣሎ።

በዚ ኸኣ፡ ምምካኽ ናይ'ዞም ኣኻውሕ ብኸም'ዚ ዘለዎ እንተደአ ቀጺሉ፡ ኣብ ሂወታውያን ዘምጽኦ ሳዕቤን ቀሊል ከምዘይከውን እየም ክኢላታት ዘጠንቅቑ ዘለዉ።

ብሰንኪ'ቲ እናበኣሰ ዝመጽእ ዘሎ ሙቐት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት - 'ወርሒ ሓምለ' ኣብ ታሪኽ - እታ ዝወዐየት ወርሒ ከምእተባህለት ዝዝከር እዩ።

መጠን ዓለማዊ ዋዒ ካብ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ንደሓር ብ1.1 ዲ.ሰ ከምዝወሰኸ ዝግለጽ ኮይኑ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ መጠን ካርቦን ምስ ዘይጉድል ድማ፡ ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዘመን ብ3.1 ዲ.ሰ ከምዝዛይድ እዩ - ክኢላታት ኣከባቢ ዝእምቱ።

ሃገራት ዓለም፡ ካብ 2015 ኣትሒዘን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዓመት መጽኣ - ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ እናተባህለ ዋዕላታት የካይዳ ምህላወን፡ እቲ ዝግበር ኣኼባታት ግን ዝጥቀስ ኣበርክቶ ይግበር ከምዘየለ ይሕበር።

ምጉዳል ከም ሚተይንን ካርቦንዳይኦክሳይድን ናይ ዝኣመሰሉ በከልቲ ጋዛት ኣብ ጠፈር፡ ምስጊጋር ናብ ተሓዳሲ ጸዓት. . . እቶም ቀንዲ ካብ'ዚ ቅልውላው እዚ ከውጽኡ ዝኽእሉ ኣማራጺታት ምዃኖም እዩ ክግለጽ ጸኒሑ።

ዓለማዊ ዋዒ ብዘስዕቦ ዘሎ ሓደጋታትን ሕማማትን፡ ኣብ ዓለም ዓመታዊ ልዕሊ 315 ሽሕ ሰባት ይሞቱ ምህላዎም ጸብጻባት የመልክቱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 04/07/2024 | ጎደና ማ.ት.ኣ - 176 ቁ.25፡ ከባቢ ሲኒማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565